ሓዳስ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ.58 | ረቡዕ 7 ሕዳር 2018 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
. . . ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

ገጽ 5
ቍጠባዊ ኣበርክቶ ቱሪዝምን መለክዒታቱን

ገጽ 7
ኣካላዊ ምንቅስቓስ

ገጽ 8
ሸፋቱ ባሕርን ጕይቶትን!

ገጽ 9
ሻምፕዮንስ ሊግ

ተሰነይ - ዘራእቲ ስድራ ስዉኣት ብወፈራ ይዕጸድ ኣሎ

ስ/ ዓወት ሃይለ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ብምትሕብባር ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን፡ ግራውቲ ስድራ ስውኣት ብወፈራ ይዕጸድ ኣሎ።

ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ተሰነይ ሓላፊ ምክትታል ምምሕዳራት ከባቢ፡ ኣቶ ተስፋሚካኤል መንግስትኣብ፡ እቲ ዝዕጸድ ዘሎ ዘራእቲ፡ ኣቐዲሙ ብወፈራ ብጥርናፍ ዝተሓርሰ 100 ሄክታር ምኻኑ ድሕሪ ምሕባር፡ ንዘተወሰደ ተበግሶ ሞጎሱ።

ሓገዝ ዝተገብረሎም ስድራ ስውኣት ብወገኖም፡ እቲ ወፈራ መቐጸልታ ናይቲ ህዝብን ምምሕዳራትን ብቐጻሊ ዝገብሩሎም ገዚኦውን ዓይነታውን ምድግጋፍ ምኻኑ ብምሕባር፡ ምስጋናኦም ኣቕሪቦም።

ምትሕግጋዝ ሓደ ካብ ኤርትራዊ ክብረታት ምኻኑ ዝገለጹ ተሳተፍቲ ወፈራ፡ ንስድራ-ስውኣት ዝገብርዎ ሓገዝ ሕልናዊ ዕግበት ከምዘፈጥረሎም ገሊጾም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ብሕርሻ ንዝነበሩ 100 ደቂ-ኣንስትዮ መሬት ብምድላው፡ ኣብ ኩሉ ሕርሻዊ ንጥፈታት ደገፍ ከምዝተገብረሎን፡ ወከልቲ ኤረና ሓቢሩ።

ዓድታት ን/ዞ/ናቕፋ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ክብርትዓ ይሕተታ

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ዓድታት እቶታውነት ንምዕባይ ተበግሶታተን ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ክዕዝዛ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣቶ ያቆብ እድሪስ፡ ምስ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ኣልጌ፡ ሞምን በዮንን ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣዘኻኺሩ።

ጸላት ሕርሻን እቶቱን ንምምዕባል፡ ውሕሉል ተጠቃምነት ጸጋታት መሰረታዊ ምኻኑ ዝሓበረ ኣቶ ያቆብ፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምድልዳል መሬት፡ ምሕላው እንስሳ ዘጕዳምን ልምዓት ብቐሊኡ፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ተሳትፎ ዓድታት ክረጋገጽ ተላቢዩ።

ነቲ ንጥፈታት ንምውህሃድ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ናቕፋ ምስ ክኢላታት ሕርሻ ብምትሕብባር ክሰርሕ ምኻኑ ብምርግጋጽ ድማ፡ ልዕሊ ዓቕሚ ህዝቢ ዝኸዱ ዕዮ፡ ምስ ምምሕዳር ዞባ ምርድዳእ ክገብረሉ ምኻኑ ኣብሪሁ።

ባጽዕ - ኣብ ኣገባብ ኣመሃህራ ስልጠና ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ባጽዕ፡ ሞያዊ ብቕዓት መማህራን ብዝሓፈሻ ናይ መበኣታ ድማ ብፍላይ ንምሕያል ዝሕግዝ ስልጠና፡ ካብ 30 ጥቅምቲ ክሳብ 3 ሕዳር ን377 መማህራን ሂቡ።

እቲ ንመማህራን ቋንቋን ቀጽርን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ሜላታት ኣመሃህራ፡ ኣጠቓቕማ መሳለጥያታት፡ ትምህርቲን ካልኦት ዛዕባታትን ዘጠቓለለ እዩ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ኣወሃሃዲ ሱ-ምምህርና መምህር ዳዊት መንግስቱ፡ እቲ ስልጠና - ሞያዊ ዓቕሚ መማህራን ዝድርዕ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ኣብ ተመሃሮን ወጽኢቶምን ጽቡቕ ወጽኢት ክህልዎ እምነቱ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ መምህር ረሺድ መሓመድ-ዑስማን ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና መቐጸልታ ናይ'ቲ መሰረሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምሕያል ዝቐየድ ዘሎ ጻዕሪ ምኻኑን፡ ዝቐሰሙዎ ትምህርቲ ምስ ውህሉል ተመኩሮኦም ተደሚሩ ንተመሃሮ ክሕግዝ ትጽቢት ከምዝዀነን ኣገንዚቡ።

ኣብ ንኡ ዞባ ባጽዕ ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝምህራ 26 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።

ትካላት ኣገልግሎት ጥዕናዊ ኣስተምህሮ ተወዲቡለን

ወሃንትን ሰራሕተኛታትን ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ኣብ ምቅጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብሓፈሻ፡ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ድማ ብፍላይ ተመዝገቡ ዘሎ ዓወት ንምዕቃብ ኣበርክቶኦም ክሐይሉ ጻውዒት ቀሪቡ።

ኣብ ከተማ ባረንቱ ኣብ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ጋሽ-ባርካ ኮሎኔል ሓምድ የሰፍ፡ ምስ ጽሩቕ ምንቅስቓስ ህዝቢ ምልዓዕ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ከየጋጥም ኩሉ ዜጋ ክጥንቀቕ ብምዝኽኻር፡ ብፍላይ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ኣብ ምሕያል ንቕሓት ሰራሕተኛን ዓሚልን ክተጥፉ ተላቢዩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ምክትታል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣቶ ገብረመስቀል ወልደኣብዝጊ፡ ብቐንዱ ብጾታዊ ርክብ ኣብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ብምትኳር፡ ኣብ ሜላታት ምክልኻል፡ ናይ ባህሪ ለውጢ ኣብ ምምጻእ፡ ከምኡ'ውን ምስ ኤችኣይቪ/ኤይድስ ንዝነብሩ ዜጋታት ክጥንቀቕ ኣብ ዘለዎ ሓልዮት ሰፊሕን ዝርዝራውን መብርሂ ሂቡ። ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝያዳ ትኹረት ብምሃብ ክሰርሓሉ ድማ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ዶክተር ሓየሎም ኪዳነ ድማ፡ ምሕያል ሜላታት ምክልኻል፡ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ ንምቅጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ስለዝኾነ፡ ዜጋታት ጥንቃቐ ክገብሩን ንቕሓቶም ክብርኹን ጸዊዑ።

ሓጋዝ - ኣብ ምግራብ ውጽኢታዊ ስራሕ ተሰላሲሉ

ነበርቲ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ማሕበራዊ ሃብቲ ገረብ ኣብ ምዕቃብን ሓደስቲ ኣብ ምትካልን ዘካይድዎ ዘለዉ ጻዕሪ፡ ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ገሊጾም።

ሃብቲ ገረብ ብዘተፈላለዩ ምኽንያት ክበርስ ብምጅማሩ ኣብ ኣከባቢ ሳዕቤናት ከምዘኸተለ ዝሓበሩ ወሃብቲ ርእይቶ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ብርሰት ንምክልኻል ዝገብሩዎ ዘለዉ ምክትታል፡ ሓደስቲ ኣግራብ ይተኽሉ ምህላዎም ሓቢሮም።

ኣብ ገምገም ሩባ ሓጋዝ ዝርከብ ኣግራብ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዘሎ፡ እዚ ድማ ውጽኢት ናይ'ቲ ዝሰላሰል ዘሎ ኮማዊ ንጥፈታት ምኻኑ ጠቒሶም ድማ፡ ኣብ ቀጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኣብያተ-ጸሎትን ኣብያተ-ጽሕፈትን ዝቐየድ ንጥፈታት ምግራብ ክድሪፉ ኣዘኻኺሮም።

ሳዋ - ምትብባዕ ወለዲ ንተመሃሮ ደቆም ክዓዝዝ ተሓቲቱ

ብኣብያተ-ትምህርቲ ደረጃ እናተወደበ፡ ኣብ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ ናይ ዝርከቡ ተመሃሮ ኩነታት ንምፍላጥን ንምብርታዖምን ናብ ሳዋ ዝገበር ዑደት፡ ኣብ ምብራኽ ሞራልን ውጽኢትን ናይቶም ተመሃሮ ዓቢ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ተገሊጹ።

ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ መምህር ቀለት ግርማይ፡ ካብ 2 ክሳብ 4 ሕዳር ዑደት ምስ ዝገበሩ ኮሚቴ ወለድን ተመሃሮን ኣብያተ-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ደቀምሓረ ኣብ ዘካየዶ ርክብ፡ ብቑዕን ተወዳዳርን ትምህርቲን ተመሃራይን ናይ ምህናጽ መስርሕ፡ ወሁድን ተመላላእን ጻዕሪ ከምዝሓትት ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ጥቡቕ ዝምድና ወለዲ፡ መምህራንን ተመሃሮን መሰረታዊ ምኳኑ ኣብሪሁ።

ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ምልኣኽ ምሉእ ሓበሬታ ተመሃሮ ዘርእያ ሕጽረት ክእርማ፡ ትሑት መጠን ምሕላፍን ሱታፌን ደቂ-ኣንስትዮ ዘለወን ኣብያተ-ትምህርቲ ፍሉይ ቈላሕታን ምክትታልን ክገብራ፡ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ኩነታትን ውጽኢትን ተመሃሮአን ክከታተላ፡ ወለዲ ቡብእዋኑ ንደቆም ከበራትዑ፡ መሻርኽቲ ድማ ዘጋጥሙ ብድሆታት ኣብ ምፍታሕ ሓገዞም ከበርክቱ ተላቢዩ።

እቶም ዑደተኛታት ቡቲ ኣጋጣሚ፡ ተመሃሮ ተፈጢሩሎም ንዘሎ ባይታ ኣብ ረብሓኦም ንምውዓል ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተላብዮም።

ስ/ሙሴ ኪዳን

ሓረስቶት እምኒ-ሓይሊ ዘራእቶም ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዘሎ ገሊጾም

ሓረስቶት ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ክራማት ቀድሚ ምጅማሩ ኣብ ግራውቶም ሳላ ዘካየድዎ፡ ምልስላስ መሬት፡ ምጥቃም ባህሪያዊ ድኹዒ፡ ከምኡ'ውን ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘጠቓልል ንጥፈታት፡ ምስ ዝበበረ ሰናይ ክራማት ተደሚሩ ዘራእቶም ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዝርከብ ገሊጾም።

“መሬት፡ ከም ጻዕርኻ እያ እትህበካ” ዝበሉ'ቶም ሓረስቶት፡ ኣብ ኩሉ ዓይነታት ዘራእቲ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ዝሓሸ እቶት ክረኽቡ ተስፋ ከምዘለዎም፡ ካብ ጺያቕ ማዕጺድ ንምድሓን ድማ ዘቕጽጸ ኣብ ምእካብ ከምዝርከቡ ሓቢሮም።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝሕረስ መሬት 15 ሽሕ ሄክታር ምኳኑ ዝሓበረ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣቶ መንግስ ጠዓመ፡ ዑደት ኣዝርእቲ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ምህብታም ትሕዝቶ መሬት ዘለዎ ኣስተዋጽኦ፡ ካብ ባልዓት'ውን ከምዝከላኸል፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-መርከኛ ንዝተወሰደ ተበግሶ ብምጥቃስ፡ ብሰፊሑ ክዝውተር ኣዘኻኺሩ።

ካብ 4ይ ገጽ ዝቐጸለ

. . . ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

ከዘንጽና የብሉን፡ መልሱ ሓይሊ ክውስኽልና፡ ሓላፍነትና ከኹብደልና፡ ኣበርክቶና ንኸሕይል ኩተብብዖና ክኽእል ኣለዎ።

ኣብ መጨረሽታ ክቡር ፕረሲደንት፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጉድኒ መንግስቱ ደው ብምባል፡ ንዝተፈላለየ ሸርሕታትን ተጻብኦታትን ሰጊሩ ኣብ'ዚ ሓደሽ መዋእል በጺሑ ኣሎ'ሞ፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ እተመሓላልፈሉ መልእኽቲ እንታይ?

ህዝቢ ኤርትራ ካብ ካልኦት ህዝብታት ዝፈልዮ ብዙሕ ረቛሒታት ኣለዎ። መን ከም'ዚ ህዝቢ'ዚ ተጻብኦ ተጻዊሩ ጸኒዑ ደው ምበለ? በየናይ መገዲ? ‘30 ዓመታት’ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። እዚ ተጻብኦታት'ዚ ንኻልኦት እንተዝፍተን እንታይ ምኾነ? ካልኦት ተፈቲኖም ዝተፈራረሸሹን ፋሕፋሕ ዝበሉን ኣብ ዘየድሊ ቅልውላዋት ኣትዮም ዘለዉን ስለምንታይ ዘይተኣበዉ? ሓቂ እዩ፡ እዚ ህዝቢ'ዚ ዝደልዮ ኣይረኸበን፣ ኣብ'ቲ ዝደልዮ ኣይበጽሐን፣ ዓይነት ሂወቱ ክቕይር፡ መነባብሮኡን ቁጠባኡን ከሐይል ዝገብሮ ባህግን ናይ ምስራሕ ዓቕምን ደረት የብሉን። ግን ኣይተጠቐመሉን - ክሰርሕ ኣይከኣለን። ግን ጸኒዑ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ክበጽሕ ክኢሉ። ናይ መጻኢ መደባትና ከም'ዚን ከም'ቲን እዩ ክንብል ከለና ከኣ ጽቡቕ ድልየት ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስ ምትእምማን እንዛረበሉ ጉዳይ እዩ። ናይ ብላቒ እቲ ህዝቢ ኑቲ ሕጂ ተረኺቡ ዘሎ መኽሰብ ከም ዓቢ ውጽኢት ድኻሙን መስዋእቱን ጥራይ ዘይኮነ ክርእዮ፡ ኑቲ ዝመጽእ'ውን ተዳልዩ ክሰርሖ'ዩ። ነዚ ክንብር ከምዝኽእል ዘጠራጥር የለን። ግን ኣብ መውዳእታ፡ ናይ ብላቒ ሞሳኡ ክረክብን ነዚ ዕድል ብግቡእ ክጥቀመሉን ምእንቲ፡ እቲ ባይታ ዝሓሸ ዕድላት ክፈጥር ክኽእል ኣለዎ። እዚ ምናልባት ኣብ'ቶም ኣብ መጻኢ ዝህልዉ ቃለ-መጠይቓት ወይ ብዝተፈላለየ መገዲ ዝቐርብ መግለጺ ዝርዝራቱ ክቐርብ እዩ።

እቲ ጽንዓት ንጕዝኣ-ርእሱ - ዳይናሚክ እዩ። ብተወህቦ ዝመጽእ ነገር ኣይኮነን፣ ሰሪሕካ እተማዕብሎ እዩ። እዚ ሕጂ ናይ ሓደ መዋእል ወይ ናይ ሰለስተ መዋእል ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንድሕሪት ተመሊስካ እንተርኢኻዮ፡ ናይ'ዚ ህዝቢ ፖለቲካዊ ንቕሓት፡ ናይ መኸተ ሓይሊ፡ ኣወዳድባ፡ ኣሰራርሓ ብኸመይ ክምዕበል ጸኒሑ እንድሕር ኢልና፡ ሓይሉ ክሳብ ክንደይ መዳርግቲ ዘይብሉ ምኳኑ ክንርድኦ ኣይከኣልናን ኣብ 40ታት፡ ኣትሒዙ ክሳብ 1991 ከመይ ገይሩ በጺሑዎ? ንኽንድ'ዚ ዝኣክል ሰራዊት፡ ንኽንድ'ዚ ዝኣክል ናይ ደገ ሓይሊ፡ ንኽንድ'ዚ ዝኣክል ተጻብኦ ከመይ ገይሩ ክስግሮ ክኢሉ? መንታዊ መግለጺ ክትረኽበሉ የጸግም እዩ። ኣብ መውዳእታ ግን ሓይሊ እዩ ክትብሎ ትኽእል። ሓይሊ ኸኣ እናተጠራቐመ፡ እናደየበ እናደየበ ዝኸደ እዩ።

ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 27/28 ዓመታት ዘጋጠሞ ብድሆ - ካብ ናይ ዶብ ሽግር፡ ቁጠባዊ ሸርሒ፡ እገዳ፡ ካብ ዝተፈላለየ ካልኦት ጸቕጥታት ከመይ ገይሩ ብዓወት መሰስ ኩቡል ክኢሉ እንተተባህለ፡ መልሱ ቀሊል ኣይኮነን። ስለ'ዚ፡ እዚ ሕጂ ተኸሲቱ ዘሎ ሃዋህው፡ ሞሳኡ እዩ - ጻማኡ እዩ። ነዚ መሰረት ገይርካ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት እንታይ ክግበር ይከኣል እንድሕር ተባሂሉ፡ ዘይከኣል ነገር የለን - ብዙሕ ክግበር'ዩ። ባህግን ድልየትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብጭብጢ ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። መገድና ጥራይ ንፍለጥ፡ ዕማማትናን ሸቶታትናን ኣነጺርና ጥራይ ንርአ እምበር፡ ዘይንኽእሎ ነገር ኣይኮነን። ዝኾነ እመርሒ ኣለኹ፡ እዛረብ ኣለኹ ዝብል ሰብ ከኣ፡ ካብ ምንታይ ተበጊስካ ከምኡ ኢልካ ትዛረብ ኣለኻ እንድሕር ኢልካዮ፡ እቲ መልሲ - ህዝቢ ኤርትራ ብጕብሪ ዘመስከረ ህዝቢ ስለዝኾነ'ዩ። ነዚ ዝመጽእ ዘሎ ሓላፍነቱ ምንጻር ጥራይ የድሊ እምበር፡ ዘይክእሎ ነገር የለን።

ስለ'ዚ፡ እዚ ህዝቢ'ዚ ናይ ብላቒ እቲ ዝጕብኦ ሞሳ ክረክብ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ህዝቢ'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ እዚ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ፡ ብደረጃ ዞባ እውን ብላቒ ተፈላጥነት ዝረኸበ እዩ። ብዘኾነ፡ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሶማል፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን፡ ኣብ ሱዳን ዘሎ ኩነታት እንተርኢናዮ፡ ናይ'ቲ ኣብ'ዚ ህዝቢ ዘሎ ስምዒት ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ናይ ኩሉ ህዝብታት ስለዝኾነ፡ እዚ እውን ንጕዝኣ-ርእሱ ድርዒ ወይ ደራዒ ሓይሊ እዩ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና'ሞ፡ ጽባሕ መደብት ኣለዉና፡ እዘን እትን ብድሆታት ኣለዉና፡ እዚኦም ዕማማት ኣለዉና. . . ክበሃል ከሎ፡ ብንጹር ህዝቢ ፊሊጡ ክሰርሓሉም ዝጽግሞ ነገር ኣይክህሉን እዩ በሃላይ እየ።

ክቡር ፕረዚደንት፡ ስለ'ቲ ዝሃብካና ሰፊሕ ሓበሬታ ብስም ኩሎም ኣንበብቲ ነመስግነካ። ኣብ ዝመጽእ ምስ'ዚ ሓደሽ ምዕባለታት ዝተኣሳሰሩ ዘቤታውን ልምዓታውን ሕቶታት ሒዝና ክንቀርብ ኢና - የቐንየልና።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቀ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቀ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ። 127749 - ቀ.ሳ.ጸ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቀ.ስ. 125013 - ቀ.ሳ.ጸ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ሳራ ኣለም

መኣረምታ

ኣብ ናይ ትማሊ ሕታምና፡ ኣብ ትሕዝቶ ቃለ-መሕትት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ 2ይ ገጽ፡ ‘value attacks’ ዝብል ሰፊሩ ኣሎ። ‘value added tax’ ተባሂሉ ክንብቡዎን ክስነድን ምስናይ ይቕሬታኡ ንሕብር።

ዋና ኣሰናዳኢ

ቃለ - መሕትት - ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

<u>ካልኣይን መወዳእታን ክፋል</u>

ክቡር ፕረዚደንት፡ ዞባውን ዓለማውን ጉድንታት ናይ'ቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝኸተማእ ኣዋጅ ሰላም እንታይ እዩ? ኣብ ምዕዛዘ ሸርክሉት ናይ ጎደቦና ክህልዎ ዝኽእል ኣበርክቶኸ?

- ዞባዊ ወይ ጎደቦኣዊ ቅድሚ ምባልና፡ መቓኑ ክፍለጥ ክኽእል ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ክልተኣዊ ዝምድናታትና እናኣሐየልና ክንከይድ ከሎና፡ እቲ ዞባ ኢልና እንዝረበሉ'ውን መግለጺ ክህልዎ ኣለዎ። ኣብ ኣርባዕተ ኣቐምቲ ኣካላት (component) መቓን ዞባ ኢና ንዛረብ ዘለና። ብምዕራብ እንድሕር ርኢናዮ፡ ናይ ኒል ተፋሰስ ንረክብ። እዚ ንደቡብ ሱዳን፡ ንሱዳን፡ ንኢትዮጵያን ንግብጺን ዘጠቓልል ክፋል ናይ'ቲ ዞባ እዩ። ናቱ ባህርያት ወይ ዳይናሚክስ ኣለዎ። ምስ'ዚ እንዝረበሉ ዘለና ክልተኣዊ ጉዳያት እውን ናቱ ተዛማድነት ኣለዎ።

እቲ ካልኣይ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዞባ እዩ። ምናልባት ኬንያን ኡጋንዳን ኣብ'ዚ እዋን እዚ ካብ'ቲ ጆኦግራፍ ክነውጽኦን ንኽእል ንኽውን። ብቐንዱ ሶማል፡ ኢትዮጵያ፡ ኤርትራ፡ ጅቡቲን ሱዳንን። ስለ'ዚ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክንብል ከለና፡ ብጆኦራፍ እንተ ርኢኻዮ ይደራረብ እዩ። እዚ'ውን ሓደ ናቱ ባህርያት ዘለዎ ኣካል ወይ ክፋል ናይ'ቲ ዞባ እዩ ኢልና ክንዛረበሉ ንኽእል።

እቲ ሳልሳይ፡ ክፋል ቀይሕ ባሕሪ እዩ። ቀይሕ ባሕሪ እውን ናይ ገዛእ-ርእሱ ዳይናሚክስ ኣለዎ። ኣቐምቲ ኣካላት ኣለውዎ - ኩለን ኣብ ገማግም ናይ'ቲ ባሕሪ ዘለዋ ሃገራትን ህዝብታተንን። እቲ ራብዓይ ከኣ ናይ ወሽመጥ እዩ።

ብጆኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ፡ ዚኦም ኣርባዕተ ክፍለ-ዞባታት ከም ሓደ ጎደቦ ገይርካ እንተ ርኢኻዮም፡ ንሓድሕዶም ከመይ ይዛመዱ? ኣብ ሓድሕዶም ዘሎ ቁጠባዊ ዝምድናታት ወይ ጂኦ-ፖለቲካዊ ኣገዳስነት ብኸመይ ክትገልጾ ይከኣል? ኣብ ንሓድሕዶም ዘሎ ምምልላእ ወይ ምውህሃድ፡ ቁጠባዊ መዳያት፡ ብዙፈላለየ ጽላታትን ረቛሒታትን ብኸመይ ክትርእዮ ወይ ክትመዝኖ ትኽእል? ድሕነታዊ ርግኣት እውን ኣሎ። ርግኣት ናይ'ዚ ዞባ ቡብኽፍለ-ዞባኡ ብኸመይ ይረአ? ኣብ ውሽጢ ነፍሲ-ወከፍ ክፍለ-ዞባ ክለዓሉ ዝኽእሉ ሽግራትን ብድሆታትን እንታይ እዮም? ከም ናይ ተፋሰስ ኒል፡ ናይ ቀይሕ ባሕሪ፡ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ... ነንበይኖም ጉዳያት ሓደ ብሓደ ክትዛረብ ትኽእል። ዘቤታዊ ጉዳያት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ህዝቢ ወይ ሃገር፡ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዞባ ዝህሉ ዝምድናታት'ውን፡ ሓደ ብሓደ ዘርዚርካ ክትርእዮ ይከኣል። ብሓፈሻ ከኣ ናይ ኩሎም ሃዋህው ድምር ምምልላእ፡ ምትሕግጋዝ፡ ምክዕባር ከመይ ገይርካ ክትርእዮ ይከኣል? ኣብ ውሽጢ'ዚ ክልተኣዊ ዝምድናታትና እንታይ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል? ንዓና ጥራይ ክጥዕመና ዘይኮነ፡ ነቲ ዞባ ወይ ጎደቦ እንብሎ ዝጥዕም ኩነታት ክንገብር ምእንቲ፡ ክልተኣዊ ዝምድናታትና ቀሊል ጽልዋ ኣይኮነን ዘለዎ።

ኣብ ዝሓለፈ መዋእል፡ ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምፍሕፋሕ፡ ብናይ ደገ ዝተደረኸ ይኹን ብዙተፈላለዩ ወይጦታትን ኣጀንዳታትን ግዳም ዝኾኑ ሓይልታት ዝተኻየደ ዕንወት ቀሊል ኣይኮነን። ሃሰያኡ ኣብ ሶማል፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን፡ ኣብ ሱዳን፡ እዚ እንርእዮ ዘለና ኣብ የመን ተኸሲቱ ዘሎ ሕንፍሽፍሽ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዘሎ ኩነታት ሸበራ ... ንቑጠባዊ ዕድላት ዝኾለፈ፡ ኣብ ጥሜትን ኣብ ሽግርን ዝሸመመ ኩነታት ብኸመይ ክንገልጾ ንኽእል?

ካብ 1991 ዓ.ም. ዝምድናታትና ቀርዕዩ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ተሓባቢርና ወይ ተመላሊእና ናብ ሃናጺ ዝኾነ ዝምድናታት ከይድና ነይርና እንተንኸውን፡ ናይ ደገ ኣጀንዳታት ንዝምድናታትና ብእወታ ጸልይዎ ነይሩ እንተ ዝኸውን ... እዚ ዞባ እንታይ ኮን ምኾነ ነይሩ? ኢልካ ክትሓስብ ትኽእል ኢኻ። ንሱ ግን ታሪኽ እዩ። ንመጻኢ እንታይ ክንገብር ክንክእል ኣለና? ካብ ዞባና ሓሊፍና፡ ብዘዕባ ኣፍሪቃን ኤስያን ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ካብኡ ናብኡ መደባትካ ሰሪዕካ፡ ኣብ ናይ ክልቲኡ ምትሕብባር እወታዊ ስጉምቲ ከም ዝገድፍ ክትገብር እንድሕር ኴንካ፡ ኑቲ መቓን ክትፈልጦ ክትክእል ኣለካ።

ኣብ ውሽጢ'ዚ ገፊሕ ዞባ፡ ቡብኽፍለ ዞባታቱ ክምዕብሉ ዘለዎም ዝምድናታትን ኣረኣእያታትን ቀለልቲ ኣይኮኑን። ስለ'ዚ ኸኣ ናይ ብሓቂ ጥጡሕ ባይታን ሃዋህውን ክፍጠር ክኽእል ኣለዎ። ሓደ ካብ'ቲ ሓደ ፈሊኻ'ውን ክትርእዮ ኣይትኽእልን ኢኻ። "ክልተኣዊ ዝምድናታትና ጽቡቕ መበገሲ ሒዙ ስለ ዘሎ፡ ነዚ ንምሕያል እንገብሮ ዘለና ንጥፈታት ወይ ሰራሕ እውን ተሰፋ ዝሁብ እዩ።" ኢልና እናተዛረብና ኸለና፡ ነዞም ጉዳያት እዚኣቶም ክንስሕቶም ኣይንኽእልን ኢና። ከምኡ ስለዝኾነ፡ ቅድም ኑቶም ክልተኣዊ ጉዳያትና ነቐድም። ኑቶም ካልኦት ከርክበሎም ኢና ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓቢርና ክንሰርሓሉ ንኽእል ባይታ እውን ክንፈጥር ክንክእል ኣለና።

ከም ኣብኡት ኣብ'ዚ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ 'ኢጋድ' ዝበሃል ውድብ ነይሩ። ንምድረብዓት ንምቅዋም ተባሂሉ ዝቖመ ትካል እዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ካብ በጺሕና፡ ኣብ ክንዲ ናይ ምድረብዓት ምጥፋእ ተባሂሉ ዝሰሙ፡ ናብ ናይ ልምዓት ዘይቅየር ተባሂሉ - ኢጋድ ቔይሙ። "ኢጋድ ካብ ዝቖመሉ ሰዓት፡ ምስ'ቲ ሽዑ ዝነበረ ጽቡቕ ድልየት እንታይ ሰሪሑ? ኢልካ እንድሕር ሓቲትካ፡ እቲ መልሲ ዋላ ሓንቲ እዩ። ኢጋድ ንገዛእ-ርእሱ ጉልባብ መጋበርያ ናይ ምጥቓስ፡ ህውከትን ምቅዋምን ኮይኑ።

ሕጂ እቲ ሕቶ ብዛዕባ ኢጋድ ምምላሱን ዘይምምላሱን ዘይኮነ፡ ብዛጋን ብኽፍለ ዞባታትን ደረጃ ባይታን ሃዋህውን ክጥጣሕ ኣለዎ። ኣብ መንጎ ወሽመጥ፡ ኣብ መንጎ ናይ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ መንጎ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ መንጎ ናይ ተፋሰስ ኒል፡ ... ዘለዋ ዝተፈላለያ ሃገራት ዘሎ ኹነታት፡ ኣብ ንሓድሕዱ ዘሎ ስሕት፡ ምምልላእ፡ ናይ ሓባር ሓይሊ (synergy) ናይ ምፍጣር ጉዳይ ዘውንዘፍ ስለዘይኮነ ይኸይድ ኣሎ።

ብናይ ዝሓለፈ መዋእል ተመኩሮ እንተ ርኢናዮ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ግጭት ስለ ዝኣተዋ፡ ንዝተፈላለየ ናይ ደገ ኣጀንዳታት ተቓሊዐን እየን። ኑቲ ዕድል ምኹላፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብስሰዐን ጸቢብ ኣጠማምታን ክጥቀሙሉ ዝጸንሑ ሓይልታት መውዳእታ የብሎምን። እዚ ሕጂ ተፈጢሩ ዘሎ ክልተኣዊ ዝምድና ድማ፡ ንኣዒንቶም ሓዊ ዝምሰለ ኩነታት እዩ ክበሃል ይከኣል።

ኣሸቀልቶም ዝኣዘዙዎም ጥራይ ዝሰርሑ፡ ኣዝዩ ጸቢብ ኣጠማምታ ዘለዎም ዝተፈላለዩ ናይ ግዳም መጋበርያ ዝኾኑ ሓይልታት እውን ጸኒሖም እዮም። ነዚ ክትኣልዮ ክትክእል ኣለካ፡ ኩተጽርዮ እንድሕር ኴንካ እቲ ሃዋህው ቅድም ቀዳድም ክንዲ ናብ ኣሉታዊ ዝኾነ ናይ ግጭት መስርሕ ዝኸይድ፡ ምምልላእ ክህሉ ኣለዎ። ኣብ'ቲ ምምልላእ ናይ ሓባር መረዳእታ ክህሉ ኣለዎ። ናይ ሓባር ረብሓና እንታይ እዩ? ሓቢርና ክንሰርሕ ከሎና ክመጽእ ዝኽእል ኣርባሒ ለውጢ እንታይ እዩ? ብግብረኸ እንታይ ክንገብር ኣለና? ኣበየናይ ዓውዲ ወይ ኣበየናይ ኣርእስቲ ክንሰርሕ ኣለና? ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።

ብዘይምግናን ናይ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ'ዚ ዞባዊ ወይ ክፍለ ዞባታት ንብሎ ዘለና፡ ዘለዎም ተራ ኣነዓዒቕካ ዝረአ ኣይኮነን። ብተመኩሮ፡ ብታሪኽ፡ ብኣገዳስነት ጂኦ-ፖለቲካዊ ረቛሒታት፡ ብድሕነታዊ ምትሕብባር ንቑጠባዊ ልምዓትን ዕብየትን ሓደ ብሓደ እንተደኣ ተራእዩ፡ ናይ ክልቲኦም ህዝብታት ተራ ቀሊል ኣይኮነን።

ኣብ'ዚ ሕጂ ዘለናዮ ኩነታት፡ ኣብ ግብጺ፡ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ሶማል፡ ጅቡቲን ኤርትራን ጥራይ እንተደኣ መጺእና፡ ልዕሊ 240 ሚልዮን ህዝቢ ኣሎ። ናይ ወሽመጥ ቁጽሪ ወሲኽካ ኸኣ፡ ተደማሚሩ ናብ ጥቓ 300 ሚልዮን ህዝቢ ክበጽሕ ይኽእል። ብገምጋም ኣብ 25 ዓመታት፡ ዕጽፊ ክኸውን እዩ። ናይ'ዚ ከባቢ ባህርያዊ ጸጋታት፡ ናይ ሰብ ሓይልን ዓቕምን እንታይ ክመስል እዩ? እንድሕር ኢልና፡ ካብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ ብዙሕ፡ ዕጽፊ ክሳብ ዝኾነሉ ደረጃ እንታይ ናይ ምምልላእን ናይ ምትሕግጋዝን ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ? ብኸመይ ገይርናኸ ተጨበጥቲ ውጥናት ኣብ ባይታ ተቐሚጦም ኩሉ ከም ዝቕበሎም ኮይኖም ክንሰርሓሎም ንኽእል?

እዚ ኑቲ ጽቡቕ እወታዊ ጎድኒ ናይ'ቲ ምምልላእን ምትሕግጋዝን ዝበሃል ክትርኢ ከለኻ እዩ። ነዚ ብኣሉታ ዝጸልዉን ዝዕንቅፉን ዝተፈላለዩ ዓለማዊ ሓይልታት ክህልዉ እዮም። ዞባዊ ዕንቅፋታት እውን ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ከመይ ገይርካ ትምክቶም? "እዚ ሕጂ ኣብ መንጎ ክልተና ኖማዕበሎ ዘለና ዝምድና፡ ዚኦም ጉዳያት እዚኣቶም እውን ብዕምቈት ኣሕጕሑ ሒዙዎም ኣሎ" ዋላ እንተ ዘይበልና፡ ንቕሓትና ናብኡ ገጹ ይኸይድ ምህላዉ ሓደ ካልእ ኩርናዕ ናይ'ቲ ዝምድና እዩ።

ብስምዒት ብጽቡቕ ድልየት ከም ራኢ ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ተጨባጢ መደባት ኣውጺእና ክንሰርሓሉ ክንክእል ኣለና። ካብኡ ናብኡ ቀዳምነታትና ክንፈልጥ ኣለና። ኣብ ሶማል ብዛዕባ ዘለዉ ጉዳያት ከመይ ገይርና ክንሰርሕ ኣለና? ኣብ ደቡብ ሱዳን ዘሎ ሽግራት ከመይ ገይርና ክንርእዮ ኣለና? ናይ ነፍሲ-ወከፍ ፍሉይ ሽግር ምትሕልላኽት እንታይ እዩ ዝመስል? ከመይ ገይርካኸ ይፍታሕ? ነዚኦቶም ብሃናጽነት ክንሰርሓሎም ምእንቲ፡ ጽቡቕ ድልየትን ተበግሶን ጥራይ ዘይኮነ፡ ተጨበጥቲ ፕሮግራማት ክህልዉ ኣለዎም። ንሰርሓሎም ከኣ ኣሎና። እቲ ዝዓበየ መኽሰብ ዝበሃል እውን ንሱ እዩ።

"ኣይፋሉን ናይ ዶብ ሽግር ተፈቲሑ እዩ። ናይ ባድመ ጉዳይ'ውን ተደቓቒሱ እዩ።" ኢልካ ዝኸይድ ነገር ኣይኮነን። ንሱ ንገዛእ-ርእሱ ሓደ ንእሽቶ ሽግር ኣብ መንጎ ዓቢ ጉዳይ ኮይኑ ይተሓዛ ስለዘሎ፡ ናይ ብሓቂ ኑቲ እንኣትዎ ዘሎና ሓድሽ ዞባዊ መድረኽ፡ ናቱ ስምብራት ክሳብ ክንደይ ዓብይን ኣገዳስን ምኳኑ ዘብርህ እዩ ክበሃል ይከኣል።

ዝ ዝኸዩ ሓይልታት ወይ ጫቶታት፡ ዚ ሃዋህው ክዝርጉ ዘኪይዱዎ ሃቐናታት ኣሎ'ም፡ እንታይ ጫቑ ወይ ፋይዳ ኣለዎ?

እዚ ባህርያዊ እዩ ክትብሎ ትኽእል ኢኻ። ዝከደየ 'ነድየ እየ' ኣይብልን እዩ። ከም'ዚ "ዝጠፈሸ ነጋዳይ ናይ ቀደም ደብተራቱ ይግንጽል።" ዝበሃል ምስላ ግሪኽ ማለት እዩ። ዝጠፈሸ ጠፊሹ እዩ። የግዳሱ ንጥፈሻኡ ወይ ንድየቱ ኣይቕበሎን እዩ። ንዓለማውያን፡ ዞባውያንን ዘቤታውያንን ወይጦታት፡ ሃሱሳት ወይ ናይ ደገ መጋበርያታት፡ እዚ ኩነታት እዚ ክውሓጠሎም ኣይከኣለን። ምናልባት ኣመጻጽኣኡን ክውንነቱን ሃንደበት ኮይንዎም እንተ ተባህለ እውን ምግናን ኣይኮነን።

ኑቲ ሃዋህው ከመይ ገይርካ ትምርዞ ወይ ትሰምሞ? ከመይ ገይርካ ምጥርጣራት ትፈጥር? ከመይ ገይርካ ተደናግር? ከመይ ገይርካ ትቕልብሶ ... ዝተፈላለየ በጨቕ ዝብል መግለጺታት ክረአ ይኽእል ይኸውን። እዚ ብቐንዱ ጭንቀቶም ዝፈጠሮ እዩ። ዝከደየ ኸኣ፡ ኑቲ ዝኸሰሮ ከም ብሓድሽ ክመልሶ ምእንቲ ዘይገብሮ ፈተነታት የለን።

ብዙሕ መግለጺታት ኣሎ። "ኣብ ኢትዮጵያ ከም'ዚን ከም'ቲን ለውጥታት መጺኡ። ኣብ ኤርትራ ግን ናይ ፖለቲካ ለውጢ የለን። ናይ ፖለቲካ እሱራት ኣለዉ። ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጉዳያት ኣሎ. . . ።" ሰብ ናብ ቅድመኡ ከይርኢ ምእንቲ፡ ብማእለያ ዘይብሎም ሕቶታት ምጥርጣራት ክትፈጥር፡ ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ኸኣ፡ ፈላጦት ኢና ዝብሉ ፈሊጣት፡ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ክትንትኑ ይህቅኑ ኣለዉ። እቲ ዋና ዕላማ ከም ሊቕ፡ ከም ፈላጥ፡ ከም ክኢላ ተንታኒ መሲልካ፡ ኑቲ ዘሎ ርኽበት ንኸይትቕበል ምድንጋር ንምፍጣር እዩ። ኩሉ ዓይነት ሸርሒታት፡ ምትፍናን፡ ናይ ምጥቛስ ሃዋህው፡ ዘይምትእምማን ንምፍጣር እዩ። ንሓፈሻዊ ህዝባዊ ርእይቶ ብኣሉታ ምጽላው ሓደ ካብ'ቲ ዕላማኦም እዩ።

ሕጂ ዘሎ ናይ ሓበሬታ ቴክኖሎጂ፡ ብፍላይ ሓሶት ንኽትዝርግሕ፡ ሓሶት ንኽተእምንን ንኽተደናግርን፡ ንኽተጣቓሰ ብዙሕ ነቓዓት ስለ ዘለዎ፡ ነዚ ብምጥቃም ዝግበር ጉዳይ እውን ኣሎ። ኣቓልቦኻ ወይ ኣእምሮኻ ኣብ ዕለታዊ ጉዳያት ጥራይ እንተ ዘንቢሉ፡ ኣዛሚድካ ብገፊሕ ክትርኢ ኣይሕግዘካን እዩ።

ሓደ ዝፈለጦ ዘይብሉ - ፈላጥ እየ ዝብል፡ "ከም'ዚን ከም'ዚን ክኸውን እዩ። ናብ'ዚ ገጹ ክምዕብል እዩ። ብዙሕ ዘተኣማምን ኣይኮነን። ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት ኣሰካፊ እዩ፣ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ናይ ብሄር ምምዝባላት ኣሎ፣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝምድናታት ክምዕብል ብስምዒት ክንርእዮ የብልናን፣ ቀጻልነቱን ዘላቕነቱን ኣጠራጣሪ እዩ፣ ናይ ዶብ ስምምዕ ክትግበር ይኽእል ድዩ? መዓስ እዩኸ ዝትግበር? እንተ ዘይተተግበረኸ?" ማእለያ ዘይብሎም ምጥርጣራት ክፈጥሩ ዝኽእሉ፡ ነቲ ሃዋህው ወይ መንፈስ ክሰምም ዝኽእል ቀጻሊ ወረ ክነዝሕ ይኽእል እዩ። እቲ ዘገርም ከኣ፡ ትሕዝቶ የብሉን። ብንፋስ ዝዘረግ

<u>***ናብ 4ይ ገጽ ይቕጽል***</u>

ካብ 3ይ ገጽ ዝቐጸለ

ቃለ-መሕትት - ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

እዩ። ነዚ ሸለል ክትብሎ ትኽእል ኢኻ፤ እቲ ጥቡብ ናይ መሰመሚ ወይ መደናገሪ ብዙሕ ስለዝኾነ እውን፡ ሓደ ሓደ እዋን ጎሲኻዮ ክትሓልፍ ኣለካ፤ "ከልቢ ይኑብሕ፡ ገመል ግን ጉዕዞኡ ኣየቋርጽን።"

ብደረጃ ዓለም እንተ ርኢናዮ፡ ኣብ ኣመሪካ፤ ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣብ ኤስያ. . . ብዙዕባ ዘሎ ኩነታት፡ መዓልቲ መዓልቲ ዝናፈሱ መደናገርቲን መሰረት ዘይብሎምን ሓበሬታታት፡ ጽልዋ ኣይገድፉን እዮም ኢልካ እውን ክትዛረብ ዘከኣል ኣይኮነን። ምእንቲ'ዚ፡ መኣዝን ዕላማኻ ወይ ጉዕዞኻ ኣብ ቦታኡ እንክሎ፡ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ጉዳያት ከምዝለዉ ምፍላጥ እውን ኣገዳሲ እዩ። ዋላ እቶም ናይ ውሽጢ ዝበሃሉ እውን፡ ንኣብኡት "ናይ ባድመ ጉዳይ ንኢትዮጵያን ንኤርትራን ዝምልከት ኣይኮነን፡ ንትግራይ ዝምልከት እዩ።" ይብል ሓደ። እንታይ ማለት እዩ? ካድር ናይ ወያነ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ጠፊሹ እዩ - የለን። ኑቲ ጉዳይ ንድሕሪት ክመልሰሉ ዝኽእል መንገዲ የብሉን።

ዋላ ነዚ ሕጂ ብቐጻሊ ዝምዕብል ዘሎ ናይ ዶብ ምኽፋት ወይ ቀጻሊ ምንቅስቓሳት ኣመልኪቶም ከደናግሩ ዝፍትኑ ኣለዉ። እቶም ዝደዩ ሓይልታት፡ ወይጦታት፡ ሃሱሳት፡ ዝተፈላለዩ መጋበርያ ናይ ግዳም ኣጀንዳታት፡ ... ስለ ዘይተዋሕጠሎም፡ ሓደ ኣብ መዐንቀፊ መሳርያኦም፡ ኑቲ ሃዋህው ምስማምን ምድንጋርን እዩ። ሰብ ከኣ ክነቕሓሉ ኣለዎ። ሰብ ኣይነቕሓሉን ማለት ኣይኮነን። ዝኣኽሎ ተመኩሮ ኣለዎ። የግዳስ፡ ከም'ዚኣቶም ኣብ ዝኣመሰሉ ነገራት ክንጥንቀቕ ኣለና። ኑቲ ዘይፈልጥ ከጋጥሞ ስለ ዝኽእል እውን "መኣዝንካ ኣይተጥፍእ፡ ግዜኻ ኣይትኽሰር። ኣብ ዘየድልየካ ጎናዊ ዝኾነ መኣድታት ከይተዓደምካ፡ ኩሉ ግዜ ንኽምዚኦም ዝኣመሰሉ ህቀናታት ብግቡእ ክትነቕሓሎም ኣለካ እየ ዝብል።"

እዚ ዘለናዮ መጀመርያና እዩ። ድሕሪ ዓመት ክልተ ዓመት ካልእ ክኸውን ይኽእል ይኸውን። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ግዳ፡ እዚ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት ባህ ዘየብሎ፡ ከም ብሓድሽ ክዘርግ ዝደሊ ዘካይዶ ዘመተታት መውዳእታ የብሉን። ዝጹሓፉ ጽሑፋትን ዝወጽኡ መግለጺታትን እንተ ርኢኻዮም ትንዕቆም። ክደጋገምን ክበዝሕን ከሎ፡ ሰብ ከጋጊ ስለ ዝኽእል ግን፡ ሓደ ሓደ እዋን፡ ንህዝቢ እቲ ዝጥቡእ መረዳእታ ምሃብ ዘየድሊ ኣይኮነን።

ክቡር ፕረሲደንት፡ ምስ'ዚ ሓድሽ ምዕባሌታት ኣተኣሳሲርካ፡ እዚ መዋእል'ዚ ከም ህዝብን መንግስትን ዘለኩምና ሓላፍነት እንታይ እዩ?

ቡቲ ዝሓለፈ ተመኩሮና እንተርኢናዮ፡ ሰላም፡ ርግኣት መጺኡ እዩ፡ ሽግር ሓሊፉ'ዩ፡ ኩሉ ነገር ተሰጊሩ እዩ ኢልካ ክትዛረብ የብልካን። ምዝናይ ከይህሉ ንቕሓት ሓፍ ኮይኑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ማዕረ'ቶም ብደሆታት ክትሰርሕ ክትክእል ኣለካ፤ እቲ ዝኸሰርናዮ ከነምልሶ ክንክእል ኣለና። ዝኸሰርናዮ ኮተምልሶ፡ ማዕረ'ቲ ክትወቕዮ እትደሊ ሸቶታት ሰራሕካ ስምብራት ክትገድፍ እንድሕር ኮይንካ፡ ድርብ ስራሕ ክትሰርሕ ክትክእል ኣለካ። ስለ'ዚ፡ ድሕሪ ሕጂ ምዝናይ ዝበሃል ነገር የለን። ብምኽንያት ናይ'ዚ ዝሓለፈ መዋእል፡ ክንሰርሕ እናኸኣልና፡ ዓቕምና ኩናኽም ክፍጠረልና ዝጸንሐ ዝተፈላለየ ሽርሒታት መኪትናዮ ኢና፣ ሰንና ነኺስና ሰጊርናዮ። እቶም ክንገብሮም እንኽእል ዝነበርና'ሞ ክንገብሮ ዘይከኣልና፡ ብምኽንያት ናይ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ቀጻሊ ተጻብኦ'ዩ። ክሳራኡ እዚ እዩ ኢልካ ክጽብጸብ ዝኽእል ኣይኮነን። ሕጂ ግን እዚ ክሱተት'ዚ መጺኡ ስለዘሎ፡ ኑቲ ዝኸሰርናዮ ከነምልሶ ክንክእል ኣለና። ኑቲ ዝኸሰርናዮ ንኸነምልሶ፡ ኑተን 24 ሰዓታት ኣራብሕና፡ 48 ሰዓት ኣብ መዓልቲ ክንሰርሕ ክንክእል ኣለና።

ንምድንጋር ዝዘረቡ ዝተፈላለዩ ዘረባታት ኣለዉ። እቲ "ሃገራዊ ኣገልግሎት እንተዝጸንሑ፡ ከም'ዚ እንተዝዋገበር፡ ከም'ዚ እንተዝሰራሕ . . .ወዘተ." ዝብል ዘሎ፡ ሱቕ ኢሉ'ዩ ንምድንጋር ግዜኡ ዘጥፍእ ዘሎ። ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ብዘየዳ ሕጂ ክንሰርሓሉ ይግበኣና። ነፍሲ-ወከፍ ሰብ፡ ዕጽፊ ናይ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ዝሰርሖ ዝሰርሖ ክሰርሕ ኣለዎ። እዚ ደስ-ደስ እዚ፡ እዚ ፍስሃ'ዚ ሓይሊ ክወሰኸልካ ኣለዎ። ውጽኢት ናይ ጻዕርታትካ ኣድማዒን ዓጸፋን ክትገብሮ ምእንቲ፡ ዝያዳ ክትሰርሕ ክትክእል ኣለካ፤ ኣብ መንግስትን ኣብ መንነ ህዝቢ ኢትዮጵያን'ውን ከምኡ። ሓደ ካብ'ቶም ቀጻሊ ንዛረበሎም፡ ብደረጃ ዞባ፡ ብደረጃ ዓለም ዝተፈላለየ ናይ ምትሕግጋዝ ሃዋህው ፈጢርና፡ ዓቕምና ኣሰሲንና ዝሓሸ ውጽኢት ክንረክብ ክንሰርሕ ኣለና ዝብል'ዩ። ለይትን መዓልትን ድማ ንሰርሓሉ ኣለና። ግን ከየጋጠምና ክንጥንቀቕ ኣለና፣ ካብ ደገ ከይተጸበና፡ ሓጊዙና፡ ደጊፉና፡ ዕድል ክሱቱልና ኣብ ክንዲ ንብል፡ ናትና ናይ ጉዝእ-ርእስና ክሱተት ክንፈጥር ክንክእል ኣለና። ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘሎ ኤርትራዊን ኢትዮጵያዊን ብዓጸፋ ሰሪሑ ንመጻኢ ዓመታት ደርማስ ክበሃል ዝኸኣል ጊሲጋስ ክርኢ ክኽእል ኣለዎ። ብፍላይ ኣብ'ቲ ቁጠባዊ ዓውድታትና፡ ዓበይቲ - ዓበይቲ ስርሓት ክነሰርሕ ንኽእል ኢና። ጸጋታትና ወይ ዘለና ዓቕሚ ብግቡእ ክንጥቀመሉ ኣይጸናሕናን። ስለዚ፡ ንዓኣቶም ብግቡእ ክንጥቀመሎም ኣለና።

እቶም እንፈጥሮም ናይ ምትሕብባር ዝምድናታት፡ ኣብ ዓይነት ሂወት ናይ ዜጋታትና እንታይ ኣድማዒ ለውጢ ከምጽኡ ኣለዎም? ኮፍ ኢልካ ብትምኒት ጥራይ ትረኽቦም ኣይኮኑን። ከም ማና ዝወርደልካ ጉዳይ'ውን ኣይኮነን። ሰራሕካ ከተምጽኦ ዘለካ ለውጢ ስለዝኾነ፡ እዚ ክሱተት'ዚ ብፍላይ ንህዝቢ ኤርትራ ኣገዳሲ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ናቱ ጂኦግራፍያውን ቁጠባውን ፍሉይነት ኣለዎ። ካልኦት ዝተፈላለዩ ብዙሓት ረቛሒታት እውን ክንጠቅስ ንኽእል ኢና። እዚ ብግቡእ ቦታኡ ሒዙ፡ ኣብ ልተኣዊ ዝምድናታት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝሓየለ ስምብራት ክገድፍ፡ እቲ ብዙሓ ደረጃ ዝገበር ስራሕ እውን ማዕረኡ ክዓቢ ክኽእል ኣለዎ። ኑቲ ዘለና ዕድላት፡ ክህሎት (potential) ብዓጸፋ ክንሰርሓሉ ምእንቲ፡ ኣራባሕቲ ረቛሒታትና እንታይ እዮም ክንብል ኣለና። ጉልበትና ከሓይል፡ ናይ ስራሕ ውጽኢታውነትና ከዕቢ፡ ፍርያትና ከሰስን፡ ጊሲጋስ ኣካይዳና ብግዜ ከቀላጥፍ ክንክእል ስለዘለና፡ እዚ ሓፈሻዊ ዘረባ'ዚ ተተግባሪ ወይ ተጨባጢ ዝኾነ ውጽኢት ክንርእየሉ ምእንቲ፡ ኣወጣጥናና፡ ኣሰራርሓና፡ ኣገማግማ ጸጋታትና፡ ኣሰራርዓ ቀዳምነታትና ብደቂቕ ከሓይል ኣለና። ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ክንገብሮ ኢና ወይ ኣርክበሉ ኢና ብምባል፡ ምስ'ዚ ሕጂ ዘሎ ናይ ፍስሃ ሃዋህው ጥራይ ኣተኣሳሲርና ክንርእዮ የብልናን። ሰላም መጺኡ፡ ርግኣት መጺኡ፡ ኩሉ ነገር ተፈቲሑ እዩ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን። ሰሪሕና ኢና ክንቅይሮ እንኽእል። እቲ ሰላም ንጉዝእ-ርእሱ ሰሪሕና፡ ተሰዊእናን ደኺምናን ኢና ኣምጺእናዮ። ንድሕሪ ሕጂ ክነበጽሖ እንደሊ ነገራት እንድሕር ኣሎ ከኣ፡ ሰራሕና ከምጽኦ ስለዘለና፡ ብኡ መጠን ንቕሓትና ከሓይል ክንክእል ኣለና።

ጸጋታትካ ብግዜ፡ ብንዋት፡ ብናይ ስራሕ ዓቕን ኣራብሕካ ዝለዓለ ውጽኢት ክትረኽበሉ ክትክእል ኣለካ። ግዜ ከኣ፡ ረማዕ ኢልና፡ 'ኣርክበሉ ኢና' ዝበሃሎ ኣይኮነን። በይንና እውን ንሰርሓሉ ኣይኮነን። ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት ከምኡ ክሕይል ክኽእል ኣለዎ። ናይ 100 ሚልዮን ሰብ ሓይሊ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብኡ ዘሎ ጸጋታት መውዳእታ የብሉን። ኣብ ካልኦት እዘን ዝጠቐስኩወን ብኽፍሊ-ዞባ ይኹን ብዞባ እንርእየን ዘለና ሃገራት ዘሎ ዓቕሚ እውን ከምኡ።

ህዝቢ ሶማል ኣብ ቀጻሊ ቅልውላው ኣሎ - ካብ'ቲ ቅልውላው ክወጽእ ክኽእል ኣለዎ። ካብ'ቲ ቅልውላው ወጺኡ ኣካል ናይ'ዚ እንዛረበሉ ዘለና ዓቢ ደርማሳዊ ልምዓትን ምዕባለን ክኸውን፡ ኣብኡ ክሱተፍ ክኽእል ኣለዎ። ህዝቢ ሱዳን ኣብ ቀጻሊ ቅልውላዋት ጸኒሑ ኣሎ። ዋላ እቲ ካልእ እውን በብዓቕሙ ገጂፍ ገጂፍ ዕድላት እናሃለዎ፡ ኑቲ ዕድላቱ ክጥቀመሉ ስለዘይከኣለ፡ እቲ ሃዋህውን ባይታን እንተደኣ ተፈጢሩ ብኡ መጠን ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ።

ስምዒታዊ ዘረባታት ጥራይ ምቕራብ ዘይኮነ፡ ብኣሃዛት ክትገልጾም እትኽእል ጽፉፋት ውጥናት ክንጸሩ ክኽእሉ ኣለዎም። ዝኾነ ሰብ መጺኡ ሕንጥጥ ሕንጥጥ ኣቢሉ ዝሰርሖም ኣይኮኑን። ብዕምቆት ክጽንዑ፡ ብኡ መጠን ከኣ ዘድሊ ምጉስጓስ ተገይሩሎም ቀዳምነት ተሰሪዑሎም ክትግበሩ ስለዘለዎም፡ እዚ ኣብ ቅድመና ዘሎ ዕድልን ሓላፍነትን ብዕምቆት ክንርድኦ ክንክእል ኣለና። ወደባትና ከፊትናዮ ኣለና። ዝተፈላለየ ትሕተ-ቅርጽና፡ ካልኦት ንልምዓትና ብናህሪ ክድርኹ ዝኽእሉ ዓበይቲ - ዓበይቲ ፕሮግራማትና ከመይ ገይርና ከነርቅቖም ንኽእል? ኣብ ዘዘቤትና ወይ ኣብ ከተማና ብደረጃ ሃገር ከካይዶም ዝጸናሕና መደባት፡ ብተናጸል ኣብ ነንሕድሕዶም ዝርኣ ዝምድናታት ከመይ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ? ኦሞ፡ ኣርባ-ምንጭን ጅማን ከይደካ እንታይ ርኢኻ? ዓሰብ፡ ደባይሲማን ዛላምበሳን ከይድካ እንታይ ርኢኻ? ኣብ ካልእ ከባቢታትካ እንታይ ክትርኢ ትኽእል? ኢልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ናይ ወግዓዊ ኣካላት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ናይ'ቲ ህዝቢ መሰረታዊ ንቕሓት፡ ተዋሳእነትን ኣበርክቶን ኣዝዩ ወሳኒ ስለዝኾነ፡ ብዛዕባ'ዞም መደባት እዚኣቶም እውን ክስወጦ ክኽእል ኣለዎ። ኣበርክቶኡ ምእንቲ ብምሉእነት ከዕዝዝ፡ ብዝርዝር ክፈልጦም ክኽእል ኣለዎ። እዞም ኩሎም ሰፊሕቲ ጉዳያት ምስ'ቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታት እነማዕብሎም ዘለና እዮም። ግን ካብኡ ናብኡ ናትና ናይ ጉዝእ-ርእስና ክንተክል ሓላፍነትና እዩ። መራብሒ ዓቕምታትና ከመይ ገይርና ከሰስና ንኽእል? ንባዕሉ'ዚ ዓበይቲ ዓበይቲ ውዳበታት ስለዘለዎ፡ ምናልባት ሰዓት ብሰዓት እንተላይ ብዜና እውን ክግለጹ ዘለዎም እዮም። ከም'ዚኦም መደባት ስለዘለዉ፡ ነቒሕና ክንሰርሓሎም ክንክእል ኣለና። ጸጋታትና ከነሳጉሶ ክንክእል ኣለና። ግዜና ከነጥፍእ የብልናን። ናይ ሰዓታት ምፍቃድ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣድማዕነት ናይ'ቶም ንሰርሖም እውን ክንግምግም ክንክእል ኣለና።

ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ዕድላቶም ምስ'ዚ ሕጂ ኣብ ነንበይኑ ከባቢታት ናይ'ዚ ሃገር ዘሎ ኩነታት ብኸመይ መገዲ ክሰርሕ ይኽእል? እቲ ህዝቢ ኑቲ ኣብ ቅድመኡ ዘሎ ዕማማት ብንጹር ክርእዮን ክፈልጦን ከበርክተሉን ስለዘለዎ፡ እዞም ጉዳያት እዚኣቶም ኣብ መጻኢ ሓደ ብሓደ ብቐጻሊ ክንዛረበሎም፡ ብቐጻሊ ክግለጹ ዘለዎም መደባት እዮም። መደባት ናይ ፖለቲካ፡ ናይ ዜና፡ ናይ ዲፕሎማሲ ጉስጓስ፡ ናይ ልምዓት መደባትን ትግባረኦምን ሓደ ብሓደ ክረኣዩ ኣለዎም። ዓይነቶምን ብኸመይ ኑቲ ዝደለ ሸቶታት ከም ዝወቕዑ ኩይኖም ይነጣጠፉን ኣብ ሰዓቱ ክዝረበሉ ይኽእል ይኸውን። ግን ብኣጠቓላሊ ክርኣ ከሎ፡ እዚ ተፈጢሩ ዘሎ ጽቡቕ ዕድልን ሓድሽ ክሱተትን

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

ዕርዲ ኢሳይያስ

ቍጠባዊ ኣበርክቶ ቱሪዝምን መለክዒታቱን

ጽላት ቱሪዝም፣ ከም ኣብ ብዙሓት ሃገራት፣ ኣብ ቍጠባ ሃገርና ሓደ ካብቶም ዕዙዝ ተራኦም ዝጻወቱ ዘለዉ ጽላታት ኮይኑ፣ ንመጻኢ እውን ብመጠን ዘመዝዮ ኹነታት ኣብ ቍጠባ ሃገር ዝህልዎ እጃም እናዓዘዘ ክኸይድ ትጽቢት ይግበር።

ጽላት ቱሪዝም ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ልምዓት - ማለት ኣብ ጃምላ ዘቤታዊ እቶት፣ ኣብ ምትብባዕን ምብርባርን ብቐጥታን ብዘዘዋዋሪን ዝራኸቦም ቍጠባዊ ጽላታት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምምሕያሽ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዝጻወቶ ተራ ዕዙዝ እዩ። ብመንጽር ዕቢቱ ናብ ቍጠባ ሃገር ዝሁቦ እቶት ድማ ብማእታዊት ክልካዕ ዘኽእል እዩ። ብዙሓ መለክዒታት ቅድሚ ምዝታይና ግዱ ማሕበራ-ቍጠባዊ ረብሓታት ናይ'ቲ ጽላት ምድህሳስ ኣገዳሲ እዩ።

1. መንግስታዊን ብሕታዊን ኣታዊታት

ሓደ ካብ ኣገደስቲ ረብሓታት ጽላት ቱሪዝም፣ ኣታዊታት መንግስትን ብሕታዊ ትካላትን ዘለዐ ብምዃኑ እዩ። ንጸሕቲ ፍርያትን ኣገልግሎትን ብምሻጥ ዝርከብ ቀጥታዊ ኣታዊታት ሓደ ካብ ቀንዲ ቁጠባዊ ኣበርክቶ ቱሪዝም ኮይኑ፣ ካብ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ብመልክዕ ግብሪ መንግስቲን ካልኦት ግቡኣትን ዝርከብ ኣታዊታት`ውን ንቍጠባ ሃገር ተወሳኺ ረብሓ እዩ።

እዚ ኑቲ ብቐጥታ ካብ ትካላት ቱሪዝም ዝርከብ መንግስታዊን ብሕታዊን እቶት ዝውክል ኮይኑ፣ ብዘዘዋዋሪ ምስቲ ጽላት ምትእስሳር ካብ ዘለዎም መሻርኽቲ ትካላት ዝርከብ ተወሳኺ እቶት ማለት ህንጻ፣ ንግዲ፣ ምድላው መግቢ፣ ኣደ ስርሓት፣ መጎዓዝያ፣ ዕዳጋታት፣ ሕርሻ፣ ምግፋፍ ዓሳን ፋብሪካታትን . . . ወዘተ ዝርከብ ኣታዊ'ውን ከም ዘይቀጥታዊ ኣበርክቶ ናይቲ ጽላት ኣብ ዘቤታዊ ቍጠባ ክጥቀስ ይኽእል።

2. ናይ ወጻኢ ሸርፊ

ብጸሕቲ ዝግበር ምሕሻሽ ወይ ምህላኽ ናይ ወጻኢ ሸርፊ፣ ኣብ ቍጠባ ሃገር ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ኣለዎ። ዝምነኡ ምሕደራን ምክትታልን እንተ ዘይተገይሩሉ ግዱ እዚ ንብዩ ኣኻሊ ኣይኮነን። ኣብ ብዙሓት ተበጻሕቲ ሃገራት፣ ዝተፈላለያ ትካላት፣ ብወጻእተኛታት ዝውንኑን ዝካየዱን ካብ ምኻኖም ዝተላዕለ፣ ወሰንቲ ኣታዊታቶም ናብ ጥንኪታት ሃገሮም ስለ ዝሕውልዎ፣ ኣብቲ ዝሰርሕሉ ሃገር ኣታዊ ክኸውን ዝግበኦ ናይ ወጻኢ ሸርፊን ብመገዱ ክርከብ ዝግበኦ ረብሓታትን ተኸሲሮ ይተርፍ።

ምስ እቶት ናይ ወጻኢ ሸርፊ ተታሓሒዙ ዝኸይድ ካልእ ኣቓልቦ ዝድልዮ ጉዳይ 'ውን ኣሎ። ብጸሕቲ ዝግበር ሓሻሽነት ኣብ ቍጠባ ሃገር እወታዊ ተራኡ ክጻወት እንተኾይኑ፣ ብጸሕቲ ዝጠልብዎ ፕሮዳክትታት ዘቤታዊ ፍርያት ኣብ ምዕዳግ ከውዕልዎ ተመራጺ እዩ። ወጻእተኛታት ብጸሕቲ ፕሮዳክትታት ብደገ ንዝኣተወ ኣቑሑ (imported goods) ኣብ ምዕዳግ ዘህልኾዎ እንተኾይኖም ንቍጠባ ሃገር ኣልማዚ ደኣምበር ሓጋዚ ኣይኮነን። ብተመሳሳሊ፣ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ንስርሓቶም ዝጠልብዎ ጥረ-ነገራት (inputs) ማለት ቡበዓይነቱ ኣቑሑ፣ ዕሹግ መግቢ፣ መስተ፣ ...ወዘተ ናይ ካልኦት ሃገራት ፍርያት ምስ ዝኸውን ኣብ ዘቤታዊ ቍጠባ ሃገር ሰፍ ዘይብል ክሳራ ከም ዘስዕብ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ።

ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ቀንዲ ተጠቃሚ ፍርያት ውሽጢ ሃገር ኮይኑ ምስ ዝምዕብል፣ ዓበይቲ ማእከሎትን ንኣሽቱን ትካላት ናይ ስራሕ ዕድል ስለ ዝረኽቡ፣ ቍጠባ ሃገር ንኽሰስን ይሕግዙ። ይኹን ደኣምበር፣ ኣብ ውሽጢ ሃገር ክፈርዩ ዘይክእሉ ወይ'ውን ቍጠባዊን ማሕበራዊን ኣገዳስነት ዘለዎምን ፍርያት ካብ ወጻኢ ሃገር ምምጻእ ኣይግቦእን ማለት ከም ዘይኮነ ግዳ ብሩህ ክኸውን ይግባእ።

3. ዕዳጋ

ክዘናግዑ፣ ቦታታት ክርእዩን ብምሕላን ናብ ሃገር ዝኣትዉ በጻሕቲ፣ ናይ መግቢ፣ መዕረፊን ማዘናግዒን ጠለብ ክህልዎም ተፈጥሮኣዊ ባህሪኦም ዝግድዶም ክሳብ ዝኾነ፣ ቱሪዝማውያን ትካላት፣ ብተገዓዝቲ ናይ ዝጥለብ ፍርያትን ኣገልግሎትን እኹል ቀረብ ክቐርባ ንግዳዊ ባህሪኦን ይግድደን እዩ። ንተገዓዝቲ ኣገልግሎት ዝህባ ትካላት ቱሪዝም እምበኣር፣ ንጸሕቲ ዝቐርብኦ ፍርያት ንምምስራሕ ዝጥቀማሉ ጥረ-ነገራት ቀንዲ ምንጩ ዘቤታዊ ዕዳጋ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ፣ ጽላት ቱሪዝም ኣብ ካልኦት ጽላታት ንዝፈርዩ ፍርያትን ኣገልግሎትን ብዘኸፍተሎም ጠለብ፣ ኣቀላጣፊ ዕዳጋ ተባሂሉ ክስመ ይኽእል እዩ። ብፍላይ ኣብ ዕዳጋታት ሕርሻ፣ ሰነዳን ኢደ-ስርሓትን ልዑል ጽልዋ ኣለዎ።

4. ትሕተ-ቅርጺ

ቱሪዝም ስሉጥ ክህልዎ እንተኾይኑ፣ ብቑዕ ትሕተ ቅርጻዊ ህንጻታት ክጠልብ ናይ ግድን እዩ። በዚ መሰረት፣ ዕቤት ጽላት ቱሪዝም ንዕቤት ጽላት ህንጻ ኣብ ምድንፋዕን ምቅልጣፍን ዓቢ ተራ ይጻወት እዩ። ምህናጽ ናብ መስሕብ ዝወስዱ ጽርግያታት፣ መንገዲ ባቡራት፣ መዓርፎታት፣ ከምኡ`ውን ብጸሕቲ ንምግልጋል ዝጠቅሙ ኣብያተ መግቢን መስተን፣ ሆቴላት፣ . . . ወዘተ፣ ከም ኣገደስቲ ትሕተ-ቅርጻዊ ህንጻታት ጽላት ቱሪዝም ክጥቀሱ ዝኽእሉ'ዮም። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ህንጻታት ማዕረ እቲ ንጸሕቲ ዘህቡዎ ጥቕሚ ኣብ ከባቢ መስሕብ ቦታታት ንዝነብር ሕብረተሰብ ውን ብዘይዳ ዝርብሑ ትሕተ-ቅርጻዊ ህንጻታት ምዃኖም ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ።

ኑቲ ኣብ ጽላት ህንጻ ዝሰርሕ ዜጋ ኣምሳያ ሸቐለቱ ዝኸፈሎ ዓስቢ`ውን እቲ ካልእ ገጽ ቁጠባዊ ረብሓ ጽላት ቱሪዝም እዩ። ምስ ኹነታት ጽላት ህንጻ ተታሓሒዙ ዝኸይድ ስርሓት ኣቑሑ ገዛ፣ ዓለባ፣ ኤሌትሪካውን ኤሌክትሮኒካውን ቀረብት፣ ምግጥጣም ሻምብቆታት፣ ናይ ጽሬት ኣቑሑ፣ . . . ወዘተ 'ውን ኣብ ማሕበራ-ቍጠባዊ መዳያት ሃገር ርእሱ ዝኸኣለ ተራ ኣለዎ።

5. ምሕደራ

ቱሪዝማዊ ኣገልግሎታት ኣብ ዝህባ ትካላት ዝሰርሑ ሰብዋኒ፣ ኣካየድቲን ሰራሕተኛታትን ካብ ብዙሓት ሃገራት ምስ ዝመጹ ዲፕሎማሲያኛታትን ኣብ ጉዕዞኦም ዝተፈላለዩ ተመክሮታት ምሕደራ ምስ ዝቐስሙ ተገዓዝቲን ዝራኸቡ ምስ ምዃኖም፣ ኣብ ምዕባይ ምሕደራዊ ዓቕሚ፣ ዓቢ ተመክሮ ክቕስሙሉ ዘኽእል ዕድላት ኣለዎም። ኣብ ርእሲኡ`ውን ምስ በጻሕቲ ብቐጥታ ዝራኸቡ ሰራሕተኛታት፣ ኣገደስቲ ቋንቋታት ናይ ምምሃርን ምምላኽን ዕድላት ኣለዎም።

6. ኢንዱስትሪታት መግቢን መስተን

ናይ በጻሕቲ መሰረታውያን ጠለባት መግቢን መስተን ብዓይነትን ዓቐንን ኣብ ዘቤታዊ ኢንዱስትሪ ምስ ዝፈሪ ብደገ ናይ ዝኣቱ መጠን ፍርያት እናነከየ ምምጻኡ ዘይተርፎ እዩ። ሃገርና ኤርትራ ብዘለዋ ተፈጥሮኣዊ ጸጋ፣ እሞ ድማ ኣብ ጽላት ሕርሻን ምግፋፍ ዓሳን ዘሎ ዕቑር ዓቕሚ ከምቲ ዝድለ ክነምዝምዞ ምስ እንኽእል ዝበለጸ ወጽኢት ክርከቦ ዘለዎ ተኽእሎ ርሒብ እዩ።

7. ዕድላት ሸቐለት

ከምኒን ካልኦት ጽላታት ቍጠባ፣ ጽላት ቱሪዝም'ውን ሸቐለት ናይ ምፍጣር ሰፊሕ ዕድላት ኣለዎ። ኣብ ዓለም ብሓርፋፍ ገምጋም ሓደ ካብ ዓሰርተ-ሓደ ሰባት ምስ ቱሪዝም ብዝተኣሳሰር ሸቐለት ናብርኡ ከም ዝመርሕ ሰነዳት ዓለማዊ ውድብ ቱሪዝም ይሕብሩ። እዚ ድማ ብቀጥታዊን ዘይቀጥታዊን መገዲ ምስ ተገዓዝቲ ምትእስሳር ኣብ ዘለዎም ትካላት ዝፍጠር ዕድላት ሸቐለት የጠቓልል።

ምስ በጻሕቲ ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘለወን ዝበዝሓ ትካላት ከም መጎዓዝያ፣ ዕዳጋታት፣ ሆቴላት፣ መዕረፊ ኣጋይሽ፣ ቤት-መግብታትን መስተን፣ ካፌታት፣ ቤት-ቁርሲታት፣ መራሕትን ወደብትን ጉዕዞ፣ ናይ ህያብ ትካላት፣ ወዘተ ክፍና ከለዋ፣ ሕርሻ፣ ህንጻ፣ ንግዲ፣ ምግፋፍ ዓሳ፣ ፋብሪካታትን ኢደ-ስርሓትን . . .ወዘተ ድማ ብዘይ ቀጥታዊ መገዲ ንበጻሕቲ ዘገልግላ ትካላት እየን።

ገለ ክፋል ካብ ኣታዊታት ናይዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሸቃሎ ዝወሃበል ክኸውን ከሎ፣ ዝበዝሐ ክፋሉ ግዳ ኣምሳያ ናይቲ ንመኻብሮኦም ዝዕድግዎ ሃለኽቲ ናብ ዝተፈላለዩ ዕዳጋታት ዝዘሩቕ እዩ። ስለዚ፣ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሸቐለታት፣ ፍልይ ዝበሉ በቲ ጽላት ዝጽለዉ ተወሰኽቲ ሸቃሎን ዜጋታትን ምህላዎም ምግንዛብ የድሊ።

መለክዒታት ቍጠባዊ ቱሪዝም

ጽላት ቱሪዝም ኣብ ጃምላ ዘቤታዊ እቶት ዝህልዎ እጃም ብጭቡጥ ኣሃዛት ክልካዕ ከም ዝግባእ ዘዋትዕኳ እንተኾነ፣ "እንታይ መለክዒታት ትጥቀም?" ኣብ ዝብል መጉት ግዳ ዛጊት ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ክበጽሑሉ ዘይክኣሉ ዘለዉ ዛዕባ እዩ። ከም ወጽኢቱ ድማ ኣብ ቍጠባዊ ጸብጻባት ናይ ብዙሓት ሃገራት ናይ ኣሃዛት ምዝንባዕ ክኸሰት ክኢሉ።

ንኣብነት፣ ኣብ 1995 ኣህጉራዊ ውድብ ቱሪዝም ኣብ ዝገበሮ ጸብጻብ፣ "13% ጃምላ ዘቤታዊ እቶት ካናዳ ካብ ጽላት ቱሪዝም ዝተረኽበ እዩ" ክብል ከሎ፣ ስታቲስቲካዊ ጸብጻብ መንግስቲ ካናዳ ግዳ "ካብ ጽላት ቱሪዝም ዝተረኽበ እቶት 3% ጥራይ እዩ" ብምባል ኑቲ ብኣህጉራዊ ውድብ ቱሪዝም ዝተዋህበ ጸብጻብ ወዲ*ቑ* ገይሩዎ። በዚን ካልእ ተመሳሳሊ ምኽንያታትን እምበኣር እዩ ኣድላይነት ናይ ሓደ ሓባራዊ ስርዓት-መለክዒ ጎሊሑ ክረአ ዝጀመረ።

ከም ዝፍለጥ፣ መብዝሕትኡን ሃገራት ቍጠባ ሃገረን ንምዕቃን ዝጥቀማሉ መለክዒ፣ ጃምላ ዘቤታዊ እቶት (Gross Domestic Product) እዩ። ጃምላ ዘቤታዊ እቶት ንዝኸእ ርእሱ፣ ብመዳያት ጠለብን ቀረብን (demand and supply side) እዩ ዝዕቀን። ብመዳይ ጠለብ ክዕቀን ከሎ፣ ናይ ኩሉ ብዘቤታዊ ቍጠባ ፈርዩ ናብቲ ናይ መውዓእታ ጠለብ ዝበጽሐ ፍርያት ድምር ዋጋ (total value) እዩ። ብመዳይ ቀረብ ክዕቀን ከሎ ድማ፣ ድምር ናይ ኩሎም ኣብ ኢንዱስትርያዊ መስርሓት ናይ ነፍሲወከፍ ፍርያት ዝወሰኹ ኩብረታት (value added) እዩ።

ጽላት ቱሪዝም'ውን ልክዕ ከም ጃምላ ዘቤታዊ እቶት፣ ብመዳያት ጠለብን ቀረብን ክልካዕ ኣህጉራዊ ውድብ ቱሪዝም ይእምም። ኣብዚ ክልሰ-ሓሳብ ምርኩስ ብምግባር እምበኣር በጻሕቲ ኣብቲ መስሕብ ሃገር ዝገብሩዎ ጠቕላላ ሓሻሽነት ብምድማር፣ ጽላት ቱሪዝም ኣብ ጃምላ ዘቤታዊ እቶት ዝገብሮ ኣበርክቶ ክልካዕ ይኽእል እዩ።

ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝዘውተሩ ደረጃኦም ዝሓለዉ ዝተፈላለዩ ቍጠባዊ መለክዒታት ጽላት ቱሪዝም ኣለዉ። ዝተፈላለያ ሃገራት ቡጠዘጥዕመን ዝተፈላለየ ኣሰራርሓ ዝጥቀማ ብምኻነን ብሉጽ (one size fits all) ዝብሃል ኣገባብ'ኳ እንተ ዘይሃለወ፣ እቶም ብብዙሓ ዝሰርሓሎም ቍጠባዊ መለክዒታት ቱሪዝም ግዳ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ጃምላ ቱሪዝማዊ ቅበላታት (Gross Tourism Receipts)

እዚ መለክዒ'ዚ ሓያሎ ሃገራት ኣበርክቶ ጽላት ቱሪዝም ኣብ ቍጠባ ሃገር ብሓርፋፍ ገምጋም ንምልካዕ ዝጥቀማሉ ኣገባብ ኮይኑ መዓልታዊ ወጻኢታት በጻሕቲ ብምድማር ቍጠባዊ ኣበርክቶ ጽላት ቱሪዝም ዝልክዕ ኣገባብ ድማ እዩ። ዝበዝሓ ሃገራት ግምታዊ ኣሃዝ ዝጥቀማ ክኾና እንከለዋ፣ ውሑዳት ድማ ጭቡጥ ኣሃዝ ይጥቀማ።

2. ጽሩይ ቱሪዝማዊ ቅበላታት (Net Tourism Receipts)

እዚ መለክዒ ዝጥቀማ ሃገራት ድማ ዘይከም ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ኣገባብ፣ መጠን ዋጋ ናይ ብደገ ዝኣትዉ ኣቑሑትን ኣገልግሎታትን ቱሪዝም ካብ ጃምላ ቱሪዝማዊ ቅበላታት ብምጉዳል ካብቲ ጽላት ዝምንጩ ጽሩይ እቶት ይቕምሩ።

ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ፣ ሓደ በጻሒ ዝበዝሐ ገንዘቡ ካብ ወጻኢ ዝኣተወ ኣቑሑ (imported goods) ኣብ ምዕዳግ ዘጥፍኦ ምስ ዝኸውን ንዘቤታዊ ቍጠባ ሃገርና ከምቲ ዝግባእ ሓጋዚ ብዘይምዃኑ ከም መራሕትን ወደብትን ጉዕዞ ዝኣመሰሉ፣ ምስ በጻሕቲ ብቐጥታ ዝራኸቡ ሰራሕተኛታት፣ ኣገልግሎት ኣብ ዝህቡሉ እዋን፣ ብዘቤታዊ ዓቕሚ ዝተሰርሐ ኣቑሑ ዝሸልኩሉ ኩነታት ክፍደዩ ተመራጺ እዩ።

ኣብ መወዳእታ፣ ዝኾነት ሃገር ኢንዱስትሪያዊ ኹነታ ቱሪዝም ንኽተረጋግጽ፣ ቅድሚ ዝኣገረ ከተጻፍፎም ዝግብኣ ምድላዋት ብኸመ ዝፍለጡ – መስሕብ፣ መራኸቢን መኣንግዶን እዮም። በዚ ምኽንያት፣ ብፍላይ ኣብ ስርሓት እንግዶት ቱሪዝም ዝተጸፉ ኣውፈርቲ ርእሱማል፣ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን መሃዝቶም ብዘልዓለ ከሐይሉ ትጽቢት ይግበር። ብጽላት ቱሪዝም ዝፍጠሩ ዕድላት ብምልኣት ክምዝመዙን ኣብ ቍጠባ ሃገር እጃሞም ከበርክቱን እንተኾይኖም እምበኣር፣ ኣብቲ ጽላት ዝተጸፉ ዜጋታት፣ ሚዛንን ኣገዳስነትን ዘለዎ ምዕባለ ቱሪዝምን ሃገርን ብምግንዛብ ብጦብኡ ክስልጥኑን ብሓላፍነትን ተግሃትን ክሰርሑን ግቡእ እዩ።

ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝዳለ ዓምዲ

ትግርኛን ተዛሪብቱን

ኣማረ ወልደሰላሰ

ኣብ የፐ ወዲ ኽርባ ‘ጓዕማማት’ ኣብ ቦታኦን ይርከባ

ካልኣይ ክፋል

ንመካበድያ ብመፋኹሲያ

መካበድያ፡ ጉድለት ንምጉላሕ ተባሂሉ ኣብ መጋባኢያታት ዝዘውተር ኣገባብ እዩ። ዕላማ ኣቶ ኣርኣያ ካሱ፡ የፐ ወዲ ኽርባ ብቐረናት ከም ዝተገብሉት ምርኣይ ጥራይ እኳ እንተ ነበረ፡ ካልኦት ዛዕባታት ምውሳኾም ነቲ ቐንዲ ጉዳይ ኣካቢዶዎ ኣሎ።

ክንዲ ዝኾነ ኣብ መልሰይ፡ ከምቲ ኣብ ኣርእስቲ ዓንቀጸይ ዝኣመትክዎ፡ ኣብ የፐ ወዲ ኽርባ፡ ቀረናትን ጓዕማማትን ኣብ ቦታኦን ከም ዝርከባ፡ ወይ ድማ እታ ዕዮ ብቐረናት ከም ዘይተገብረት ከመልክት እዩ። ብዘይካኡ፡ ብዛዕባ እቶም ነቲ ዛዕባ ዘብቡዑ ጉዳያትውን ርእይቶይ ከፍል እዩ።

ፈለማ እምበኣር፡ ካብቶም ኣቶ ኣርኣያ ካሱ ‘ቅድሚ ሕጂ ኻብ ዝቐረቡ ፍልልያት ብወገይ ዝወሰድኩዎም መርገጺታት ንተዓዘብቲ ክብሎ ኻብ መንጎ ዝበርዙዎም ነቲ ቐንዲ ጉዳይ ብዘዘዋዋሪ ዝጸለዉ መካበድያታት፡ ብውሑዱ ዝም ዝበለ ብምዝያታይ ኣብ ነፍስ ወከፎም ንዘሎ ዘይምሉእነት ከመልክት።

1. “እዩ/ኢዩ” - ኣብ ሓዳስ ኤርትራ፡ “ዓምዲ ልሳናትን ተዛረብቶምን” ብሰፊሑ ካብ ዝተዳህሰሰን ብወገይ ብዝንብርክዎ ዳህሳሰን ን“እዩ” ከም ቅኑዕ እመርጽ። 3. ቅድመ-ጥብቆ (ቅ.ጥ.) “ዝ/ዚ/ዜ/ዝ” ብዘምልከት፡ ኣብ ኢንተርነት (arayakt.wordpress.com ብሎግ)፡ “‘ዝ’ እናበሉ ኻዱ ትድንዝዘ!” ብዝብል ኣርእስቲ ዳህሰሱ እቲ ቅ.ጥ. ብመሰረቱ “ዝ” ኮይኑ ብሰንኪ “ኣ”፡ “ይ”ን “የ”ን እቶም “ዝ” “ዚ” “ዜ” ከም ዝኾኑ ገሊጸ። 5. ኣብ ኢንተርነት (arayakt.wordpress.com ብሎግ)፡ “‘ኩነ’ ደስ ‘ኮነ’ ኣየናይ ቅኑዕ ምኾነ!” ኣብ ዝብል እታውን ”ካብ “ኮነ/ኩነ” እቲ ቅኑዕ “ኮነ” መረጸ እጽሕፍ።

ከምቲ ዝተተንተነ፡ ጉዳይ ‘እዩ’ን ‘ኢዩ’ን ኣብ ዓምዲ ልሳናትን ተዛረብቶምን ተዳህሰሰ እዩ። ይኹን እምበር፡ እቲ ዝቐረበ ዳህሳስ ካብ ‘እዩ’ን ‘ኢዩ’ን እቲ ቕኑዕ ኣየናይ’ዩ ኣብ ምባል ጥራይ ዝተሓጽረ ዘይኮነ፡ ዝጸቕጠ ‘ይ’ ዝስተማቕሮ ‘እዩ’ ዘቕሰሞ ምህሮውን ተኣንፊቱ እዩ።

ብኻልእ ኣዘራርባ፡ እ+ይ+የ = እየ ዝብል ወጽኢት ካብ ኣሰዩ፡ ሳድሰን ‘ይ’ን እንክድመሩ ሳድስ እምበር ሳልስ ከም ዘይፈጥሩ ስለ ዘመልከተ፡ ክ + ይ = ኪ፡ ወይ ድማ ዝ + ይ = ዚ ተባሂሉ ዝግለጽ ቅማረ ቕኑዕ ኣይኮነን ተባሂሉ ነይሩ እዩ።

ኣብ ቀጽሪ 3 ዝቐረበ ቕማረ፡ ዝ. ቀምማርዚ ኣይጸንበረን። ኣቶ ኣርኣያ፡ ‘ዝ እናበሉ ኻዱ ትድንዝዘ’ ዘርእስቱ ዳህሳሶም ክልእኪልና እናሓተትኩ፡ ብወገይ፡ ቅድሚ ሕጂ ዝኾቐረብኩዎም ጭብጥታት ብምውሳኽ፡ “ ኪ’ን ዚ’ን ይፈተሹ ዶም፧” ዘርእስቱ ቦዷዚ ዓንቀጽ ከም ዘዳልው እገልጽ።

ኣብ ቀጽሪ 5. “‘ኩነ’ ደስ ‘ኮነ’ ኣየናይ ቅኑዕ ምኾነ!” ኣብ ዝብል እታውን ካብ “ኮነ/ኩነ” እቲ ቅኑዕ “ኮነ” መረጸ እጽሕፍ ዝበሉዎ ነጥቢውን ኣቓልቦ ዝስሕብ እዩ። ዝ. ግጉይ ቅማረዚ፡ ካልኦትውን ክስዕቡዎ ኸለዉ ይስትብሃል እዩ።

ኣርእስቲ ግሲ እዚ ዝበሃል ዘሎ እታውን ምኳን እምበር፡ ምኻን ኣይኮነን። በዚ መሰረት ኮነ ኸም ቅኑዕ ከም ዘይሕረ ብቐሊሉ ምፍላጥ ይከኣል። ብወገይ፡ ዝ. ግጉይ ቅማረዚ ንምብዳህ፡ ንሓዋሩ፡ ‘ኩነ እምበር ኮነ መዓስ ቅኑዕ ኩነ’ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ሓሳበይ ከፍሎም ድለው ኣለኹ።

ሓያለ ቋንቋታት፡ ገለኣንሲ ዓበይቲ ዝበሃላ እኳ ደኣ፡ ‘ምኳን’ ዝተባህለ ኣርእስቲ ግሲ የብለንን። እዚ ግሲ’ዚ ኣብ ትግርኛ ዝርከብ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣማእዚ ኸም ዝኾነውን ምስትውዓል የድሊ። እዚ ባህሪዚ ንትግርኛ ብኸለልትነት ክተሓዝ ዘይግብኦ ልሳን ይገብሮ።

ድሕሪ’ዞም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሱ፡ ነቲ ጉዳይ ብዘዘዋዋሪ ዘብቡዑ መርገጺታት፡ ኣብ ትሕዝቶ መጽሓፍ ‘የፐ ወዲ ኽርባ’ ዘለዉ ጉድለታት ተዘርዚርም ኣለዉ። እዞም ጉድለታት ነቲ ጉዳይ ብቐጥታ ናይ ምክባድ ግደ ስለ ዘርክቡ፡ ንነፍስ ወከፎም እናዘርዘርኩ ኽዝትይ እዩ።

ኣቶ ኣርኣያ ካሱ፡ ፈለማ ዘልዓሉዎ ነጥቢ ‘ብቐሊሉ ከእረም ይኽእል ነይሩ’ ዝበሉዎ እዚ ሰዒቡ ዝቐርብ ጉድለት እዩ፦

(1). ኣብ ሓበሬታ-ገጽን ኣብ ገጽ-24ን ዘለዉ ምላቓት ሮማውያን-ፊደላት፡ “Joሲ.”ን “Nur zu, Prosit, Ich tank ju:”ን፣ ከምኡ’ውን ኣብ ዕለተ-ምምራቕ መጽሓፍ (30 ታሕሳስ 2016) ብዮሴፍ ገብረሃንስ ዝተጠቕሰ ኣሃዛት ገጽት-መጽሓፍ ርእያት ግድፈታት እየም። እቲ ጌጋ ኣሃዛት፡ ቀንዲ ትሕዝቶ ገጽ መጽሓፍ፡ ብዮረባዊ-ኣሃዝ ብቑጽሪ-ሓደ (1) ኣብ ክንዲ ዝጀምር መቐጸልታት ቅድሚኡ ዝነበረ ሮማዊ-ኣሃዝ ኮይኑ፡ ብገጽ ቀጽሪ“15” ምጅማሩ እዩ፡ እቲ ቅድሚኡ ዘሎ ሓበሬታት ዝሓዘ ጽሑፍ፡ ኣብ ክንዲ ብሮማዊ-ኣሃዝ ዝጽሓፍ፡ ምስ’ቲ ግእዛዊ ፊደል ኪመሳሰል፡ ብየግእዛዊ-ኣሃዝ እንተ ዝጽሓፍ እውን ተመራጺ ምኾነ።

ገምጋም ኣቶ ኣርኣያ ካሳ ዝ. ጉድለትዚ ብትኽክል ገሊጹዎ ኣሎ። ብርግጽ’ውን ብዘኾነ ነጢ. ብቐሊሉ ኽርከብ ዝኽእል እዩ፡ ክንዲ ዝኾኑ፡ ወላኳ ኣብ ቅርጺ እምበር ኣብ ትሕዝቶ መጽሓፍ ዝፈጥሮ ጉድለት እንተ ዘየሉ፡ ከምቲ ዝተባህለ ብቐሊሉ ኽእረም ምተኻእለ።

ድሕሪ’ዚ ርእይ ጉድለት’ዚ ዝበርዙዎም፡ እኳ ደኣ እቶም ዝጠዘሉ ኣርትዖት ኣየድለዩምን። ምኽንያቱ፡ ወላ ‘ዝይምዕሩያት’ እዮም እንተ ተባህሉ፡ ብኮነታት ዝዞመድ ሰሓሑፍ፡ ልሙዳት፡ ወላውን ቀንቀ (slang) ዝመጣበሰኦም ቃላት ስለ ዘይትው ቅኑዓት እዮም።

ምዕሩይ ትግርኛ መራኸቢ ብዙሓን

ኣብዞም ቀጺሎም ዝቐርቡ ሕጥበ ጽሑፋት፡ ብዘይካእቲ ኸምቲ ምስቲ ገምጋም ዝሰማምዑሉ፡ ማለት፡ ብቐሊሉ ኽእረም ይኽእል ነይሩ ዝበሎ ኣብ ቀጽሪ 3 ዝተጠቕሰ ‘ሰኽራን’ ዝብል ቃል ንፍሱወከፎም እናልዓልኩ ኣርትዖት ከም ዘድልዮም ከመልክት እዩ።

(2). ንሓደ ቓል ብኽልተ መንገዲ ምጽሓፍ፦ ንኣብነት፡ “መገዲ/መንገዲ”፤ “መገዲ” ኣብ ገጽት ix፡ 123፡ 124፡ 144፤ “መንገዲ” ከኣ ኣብ ገጽት 97፡ 117፡…

ርእይቶይ፦ ንሓድሕዶም እናተናበቡ ንድቀ ፊደላት (Spelling) ዘሰውኑ ክኢላታት ንመገዲን መንገዲን ክልተ ቓላት ገይሮሞም ኣለዉ። ንመገዲ ኸም ሜላ፡ ንመንገዲ ድማ ከም ጽርግያ ይጥቀሙለን። ኣነውን ዝ. ኣገባብዚ እየ ኣብ ግብሪ ኣውዒለ።

(ገጽ ix፡ ኣብ መድረኽ ክቐርብ ብዘኽእል መገዲ ብምድላው… ገጽ 123፡ ብዘመረጽኩዮ መገዲ ክኸይድ እንተበልኪ ኽሰንቅፈኪ።… ገጽ 124፡ ቅኑዕ መገዲ ኸም ዝኾነልኪ ኸረጋግጸልኪ…ገጽ 144 ብዙሓምን መገዲ ገሊጸንዮ። ገጽ 97 ኣብ መንገዲ ምስ ኣኮይ ተራኺብና…. ገጽ 117 ኣብ መንገድና ሓንቲ ምኽሪ ኽህበካ እየ።)

4. “… ጺድቃናት …” (ገጽ 51) ምጽሓፍ ልሙድ እኳ እንተኾነ፡ “ጺድቃን” ብዙሕ ስለ ዝኾነ “ጺድቃናት” እሩም ኣይኮነን። “ጺድቂ” ንጽል-ቓል ኮይኑ እቲ ብዙሑ ከኣ “ጺድቓት” ወይ ከኣ ካብ ግእዝ ዝረዓመ “ጺድቃን” ይኸውን።

ርእይቶይ፦ ዝ. ቓል’ዚ ዝተዛረበ፡ ኣዳምን ሄዋንን ኣብ ክንዲ ዝብል ኣዳምን ሳራን ዝብል ትሑት ንቕሓት ከም ዘውንን ዘንጸባርቕ የፐ ዝተባህለ ጠባይ እዩ። ንሱ፡ ትግርኛን ግእዝን ክተሓናፈጾ ይኽእል እዩ። ብዘይካኡ ብመሰረት ገላጺ ሰዋሰው ኣብ ስነ ጽሑፍ ልሙድ ቃል ቕኑዕ እዩ።

5. “ንጸወታን ንላግጺን ኢልካ ኽትሰቀል … ክብሪ ህይወት … ክተጥፍእ” (ገጽ 71)፡ ኣብ’ዚ ጥቕሲ ዘሎ ሰረ-ግሲ “ሰቐለ” ምስ ምጥፋእ ህይወት ርክብ ከም ዘለዎ ኮይኑ’ዩ ቀሪቡ። “ተሰቕለ” ማለት ግን ኣብ ክብ/ብርኽ ዝበለ ነገር ተቐመጠ/ደየበ ማለት እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ናሕሲ ተሰቕለ፣ ኣብ ኣውቶቡስ ክትሰቀል፣ ኣብ መስቀል ተሰቕለ …። እቲ ኣብ’ዚ ከኣቱ ዚግብኦ ቃል፡ ምስ “ህይወት” ዝተሓሓዝ ግሲ “ሓነቐ” እዩ። እቲ እሩም ኣጽሓሕፋ ኸኣ፡ ቀጻሊ እቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዝርርብ፡ “ንጸወታን ንላግጺን ኢልካ ኽትሕነቕ …” ኪኸውን ነይሩ።

ርእይቶይ፦ ዝ. ሓረግ’ዚ ዝተዛረበ ኤርክ ዝተባህለ ንቑሕ ገጸ ባህሪ እዩ። ትግርኛ፡ ንኣስተልዝቦ (ቃለ ሕብኡ) ዝኾኑ ቓላት ከም ዘለዉዎ ኽፈልጥ ስለ ዝኽእል ኣብ ክንዲ ‘ክትሕነቕ’ ወይ ‘ክትሽንኮር’ ‘ክትሰቀል’ ብምባል ብምዕቡል መገዲ ኽዛረብ ይኽእል እዩ። ኣብ ትግርኛ፡ ኣብ ክንዲ ሞት ዓረፈ ኸም ዝበሃል፡ ኣብ ክንዲ ‘ምሕናቕ’ን ‘ምሽንኳር’ን’ውን ምስቃል ዝብል ቃል ዝውቱር እዩ። ምስቲ ባዕሎም ኣቶ ኣርኣያውን ኣብ መስቀል ተሰቕለ ኢሎም ዝኣንፈቱዎ፡ እዚ ቓል’ዚ ኣብ ሓያለ ጽሑፋትን መርበባትን ከም ዝርከብ እዞም ዝስዕቡ ጭብጥታት የረጋግጹ።

https://de-de.facebook.com/www.mmogt/posts

ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን እየሱስ ክርስቶስ ከኣ ምስ በደለኛታት ተቖጺሩ ተሰቕለ።

www.fnoteatnatiewos.com/2015/07/12/በዓለ-ሓዋርያት-ጴጥሮስ-ወጳውሎስ/

Jul 12, 2015 - እቲ ሓደ ኣብ መስቀል ቁልቁል ኣፉ ተሰቕለ፣

https://ttadesse.wordpress.com/category/uncategorized/page/4/

ብዘበን ጰንጤናዊ ጲላጦስ ምእንታና ተሰቕለ፡

https://mahberemariam.wordpress.com/page/3/

“ምእንቲ በደልና ተሰቕለ፡

6. “ንሩዕ ገባዘ’ዩ፡ ሃብሮም” (ገጽ 102)፡ ኣብ’ዚ ጥቕሲ ዘለዉ ቃላት፡ “ንሩዕ፡ ገባዘን ሃብሮምን”፡ ቅጽላት እየም፣ ኣብ መንጎኦም ግሲ “እዩ” ኣትዩ ዘሮም። እቲ ሓረግ ከም ዘለዎ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ፡ “ሃብሮም” ዝስሙ ሰብ “ንሩዕ ገባዘ” ምኳኑ እዩ። እቲ ዝተደለየ መልእኽቲ ንኣቓዲሞ ዝተጠቕሰ ሰብ ንምንኣድ ዝቐረቡ ቅጽላት፡ ብ“ንሩዕ፡ ገባዘን ሃብሮምን እዩ” ክጽሓፍ ነይሮም።

ርእይቶይ፦ ኣብዚ ንሩዕ በጺሒ’ዩ ምስ በሉ፡ ሃብሮም ከኣ እዩ ኽብል ብምምኻን የመጉሶ ኣሎ።

7. “ንዓበዩን ኣቡሓጉኡን’ውን ይሰዕሞም” (ገጽ 102)፡ “ዓበዩ” ብረባሕታ ዝቐውም እምበር መጒኢታ ቓል ዘይብሉ፡ መጸውዒ ቅብጥሮት እዩ፡ ምስ “ኣቡሓጉኡ” ተመዓራሪዱ ኣይኮነን፡ ንኽመዓራረ “እናሓጉኡ” ተመሪጹ ይኸውን።

ርእይቶይ፦ ዝ. ሓረግዚ ዓሚቕ ፍልጠት ዘይትውንን እምበይተይ ትሩዛና እያ ትዛረብ፡ ክንዲ ዝኾኑ፡ ምስ ደረጃኣ ዝኸይድ እዩ። ብዘይካኡ ልሙድ ስለ ዝኾኑ፡ ብመሰረት ገላጺ ሰዋሰው ኣብ ስነ ጽሑፍ ኣትዩ እንተ ተረኽበ ተቐባልነት ኣለዎ።

8. “ጥቕሚ ምልክታትን ሓበሬታታትን …” (ገጽ 121)፡ “ምልክታት”፡ ብዙሕ “ምልክት” ዝብል ቃል እዩ። እቲ ኣብ’ዚ ዘድሊዩ ቃል ግን ምስ “ሓበሬታ” ተመዓራሪዱ ዝኾነ ብዙሕ “ምልክታ” እዩ፣ ንሱ ከኣ “ምልክታታት” ይኸውን። እቲ እሩም ኣጽሓሕፋኣ ኸኣ “ጥቕሚ ምልክታታትን ሓበሬታታትን …” ይኸውን።

ርእይቶይ፦ ምልክት፡ ትርጉም ናይቲ ሳይን ዝተባህለ ናይ እንግሊዝኛ ቓል እዩ።

9. “ሓጥኣን ወይ ድኹማት ከም ዘይኮንና …” (ገጽ 136)፡ ኣብ’ዚ ረባሕታ ግእዝን ትግርኛን ተደባሊቖም። ተመዓራረይቲ ንክኾኑ፡ “ሓጥኣን - ድኩማን” ወይ “ሓጥያተኛታትን ድኹማትን” ኮይኑ ይጽሓፍ።

ርእይቶይ፦ ዝ. ሓረግዚ እምበይተይ ትሩዛና እያ ኣቃሊሓቶ። ንሳ ከም መንፈሳዊት ስለ ትዋሳእ ትግርኛን ግእዝን ትደባልቕ ኢያ። ብዘይካኡ፡ ብዙሕ ቀጽሪ ትግርኛ፡ ዓረብኛን ግእዝን ደርከቦ እዩ ስለ ዝበሃል እዚ ሓረግዚ ኣብ ስነ ጽሑፍ ምርካቡ ኸም ቅቡል እዩ ዝወሰድ።

10. ንሕብሪ ጸጉሪ ርእሲ ብዘምልከት “ጸለም ደዩ ማእከላይ?” (ገጽ 137) ብዝብል ተጻሒፉ፣ “ማእከላይ” ዚብሃል ሕብራጸጉሪ የልቦ፡ እቲ ዝድለ ቓል ንሕብሪ ዘውክል ቃል ኪኸውን ይግባእ። ንኣብነት - ቡናዊ፡ ኣምባላይ፡ ጭዓይ፡ …።

ርእይቶይ፦ እዚ ዝርርብ’ዚ ኣብ መንጎ ጠንቋሊትን እያ በዛሊት ምስሊይቲ ሜፉን እምበይተይ ትሩዛናን እዩ ዝካየድ። መግለጺታተን ስለ ዝንጠር፡ ትርጉም ዘይብሉን ባዕን ዝበሃል ስለ ዝጠዛሉ፡ ‘ጸለም ደዩ ማእከላይ’ ዝብል ኣዘራርባ ኽርከቦ ይኽእል እዩ።

11. “ትንቢት ኽትዛረብ …” (ገጽ 130)። “ትንቢት” ረባሕታ ግሲ “ነበየ” እዩ፡ ስለ’ዚ “ትንቢት ክትነብይ” ኮይኑ እንተ ዝጽሓፍ ምሓሸ፣ ብተመሳሳሊ፡ “ዘረባ ኽትዛረብ” ተመዓራሪዱ ይኸውን።

ርእይቶይ፦ ትንቢት ክትንብ ብምባል ንትንቢት ኣብ ክንዲ ምድግጋም፡ ትንቢት ኽትዛረብ ምባሉ ቅኑዕ’ዩ። ዝ. ብቐጥታ ዘራጉዱ ሓያለ ጭብጥታት ኣለዉ. ሓደት ካብኦም እንሆውሉ፦

https://wol.jw.org/ti/wol/d/r119/lp-ti/1001061325

ኣንጻር ኣኽራን እስራኤል እተዛረበ ትንቢት (1-14). https://de-de.facebook.com/283902455138916/posts/.../588157184713440/

ኣቐዲሞም ቃል ትንቢት ተዛረበ ...

https://corpora.fi.muni.cz/.../view?...



ክርስቶስ ኪመጽእ ከም ዘለዎ እዚ ዘሰዕብ ትንቢት ተዛረ።

ብጥቕሉሉ፡ ኣብቲ ገምጋም ዝተረቐሓ ቓላትን ሓረጋትን ከኾት ኣብ ዝእዝዞ ቦታ ‘እሩማትን ምዕሩያትን’ እየን። እዘን ኣብ የፐ ወዲ ኽርባ ዘለዋውን ምስ ድሕሪ ባይታ ጠባያት ብዘኸይድ ኣገባብ ተሳኺየን ከም ዝርከብ ኽስትውዓል ይግባእ።

ብመሰረቱ፡ ሓደ ገምጋም፡ ባዕሎም ኣቶ ኣርኣያውን ከም ዝገለጹዎ፡ ኣብ ፍጹማት ዘይኮኑ ‘እሩማትን ምዕሩያትን’ ዝበሃሉ ኣገላልጻታት ዘይኮኑ፡ ከምቲ ባዕሎም ኣቶ ኣርኣያውን ኣቡቲ ግምጋም ዝገለጹዎ፡ ኣብዞም ዝሰዕቡ ኣገደስቲ ረቛሒታት ጥራይ ከደነሀብ ነይሩዎ።

ኣብ ምምማይ ጽሕፈት ዚግበር ምቅጽጻር፤

(ሀ) ቃላት ብእቲ እሩም ቅርጻምን ረባሕታኦምን ምኢታምም፣

(ለ) ብዓልቤት፡ ተሳሓቢን ግሲን ምሉእ-ሓሳባት ብእዋን፡ ብቑጽሪ፡ ብጾታን ብመዓርግን ምስምማዖም፣

(ሐ) ኣብ ውሽጢ ሕጡብጽሑፍ ዝርከቡ ምሉእ-ሓሳባት ዝተተሓሓዙን ዝሰማምዑን ምዃኖም፣

(መ) ብዘይፈላልዩ ሀህያት ዘጸሓፉ ቃላት፡ ሓዲኦም ተመሪጹ፡ ብወጹእ ምጽሓፎም፣

(ሠ) ዋሕዚ ንቡብ ንምግራሕ ንጹር መዓላ ዘለዎ ስርዓት-ነጥቢ ምትግባርም ።

ንምድምዳም፡ ኣቡቲ ገምጋም እዞም ረቛሒታት ኣይተሰርሐሎምን እናበልኩ፡ ኣብ ‘የፐ ወዲ ኽርባ’ ጓዕማማት ኣብ ቦታኦን ከም ዘለዋ ንምምልካት፡ ብባዕሎም ብኣቶ ኣርኣያ ካሳ እተዘውተር ጥቕሲ መረጸ ‘እንክብንትርጉም ከይንኣቱ ኣብ ሀጉም’ ክብል፡ ኣብ ዝቐጽል ሕታም መርገጺየይ ከቕርቦ እየ።

ኣበርክቶ ግእዝ ኣብ ትግርኛ

ቋንቋ ትግርኛ ኣዝዩ ምዕቡልን ሃብታምን እዩ። ከማዚ ክኸውን ዝኸኣለ ብቐጥታ፡ ካብ ግእዝ ዝወረሶም ኣሃዛት፡ ፊደላትን ቃላትን ብምውናኑ እዩ። ምስቲ ንሱ ዘለዎ ፊደላት ወሲኹ ከኣ ካብ ግእዝ ዝጠዘሉ ፊደላት ወይ ሆሄያት ሓዙ ደርኩቡ። ንኣብነት ግእዝ ዘየድምጾም ቑ፡ ቹ፡ ኹ፡ ሹ፡ ጨን ዝን ዝበሃሉ ኣለዉዎ።

ኣብ ኣጸዋውዓ ሓደስቲ ምህዛታትን ባዕዳውያን ቃላትን`ውን፡ ትግርኛ ስም ዘይረኸበሎም ስለ ዘለዉ ምስ ግእዝ እናተደገገፈ ብመልክዕ ተናበ. (ዘፈረ ቃል) ኽሰምዮም ይኽእል እዩ። ተቐባልነት እንተ ረኺቡም ከረዓሙ፡ እንተ ስኢናም ክንጸገ ዝኽእሉ ቓላት፡ በዘቐሩብ በዚ ዝስዕብ መገዲ ይፈተኑ፦

ማንቶተ ጥዘበ = መብረሂ ፍልስፍና

ጉብለ ማንቶት ዘኃይል = ገመድ ኳሬንቲ

ገባሬ ማንቶት ጥበበዊ = ሰራሕተኛ ኤሌትሪክ

ማንቶተ ኀይል = ሓይሊ መብራህቲ (ኳሬንቲ)

ጋና እድ = ባትሪ

ወዓቤ ብርሃን = ወዓቢ ብርሃን (ኣምፑል)

መርጌታ ሄኖክ ገብረሚካኤል

ኩርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

ስ ት ሪ ም ኮ

እዚ ጸወታ ወይ ግድል "ስትሪምኮ" ይብሃል። ንሰዶኮ ዝመስል ጸወታ እዩ። እዚ ብግራባርቻክ ዝተባህሉ ስድራ ዝተማህዘ ኮይኑ፡ ኣብ ክልሰ-ሓሳባት ትርብዒት - ናይ ላቲን ፈላጥ ስነ-ቍጽሪ ሊዮናርዶ ኢለር (18 ክፍለ-ዘመን) ዝተሞርኮሰ እዩ።

ኣገባብ ኣጸዋውታኡ፥ ኣብዛ ትርእዩዋ ሰደቓ፡ 6ተ ብ6ተ ዝተሰርዓ ዓንኬላት ኣለዋ። እዘን ዓንኬላ ቍጽሪታት እየን ዝሕዛ። ካብ 1 ክሳብ 6 ድማ ይምልኣ። ካብ 1 ክሳብ 5 ዘለዉ ቍጽሪታት ንትኹልን ንጋድምን ልክዕ ከም ሰዱኮ ክድገሙ የብሎምን። ኣብቶም ብመስመር ተራኺቦም ዘለዉ ዓንኬላት'ውን ክድገም የብሉን።

(መልሲ፡ ካብ 1 ክሳብ 6 ዘለው ቍጽሪታት ንትኹል፡ ንጋድምን ብሕንጻጽ ተታሒዞምን ኣብ ዝርከቡ ዓንኬላት ክድገሙ የብሎምን።)



ቫይረስ

ሎሚ ቫይረስ ከም ቃል ዘይፈልጣ ኣሎ ክንብል ዘድፍር ግዜ ኣይኮነን። ንሓደ ዘራኢ ወይ ኣዕናዊ ሱብ'ውን እንተ ኾነ እትወሃቦ ቅጽል ወይ ሓረግ ኰይና ኣላ። ቫይረስ ኣዝዮም ደቀቕቲ ክኾኑ፡ ንዝዋፍሩ ብእተፈላለየ እተሓላለኸ ስርዓት ዘቕሙ ከም እኒ ሰብ፡ ሓርማዝ፡ ካልኦት እንስሳታትን ኣትክልትን ኣጥቂዖም ክሕምሙን ክቐትሉን ይኽእሉ። ዝበዝሑ ኣብ ሰብ፡ እንስሳታትን ኣትክልትን ዘጋጥሙ ሕማማት ብቫይረስ ዝመጽኡ እዮም። ካብ ባክተርያ ኣዝዮም ዝደቀቑ ኰይኖም ሓደ ሽሓዊት ናይ ሓደ ሚሊ ሜትሮ (ሓደ ሚሊ ሜትሮ፡ 0.001 ሜትሮ ምኳኑ'ዩ) እዩ። ኣብ ሓንቲ ገጽ ናይዛ ጋዜጣ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚልዮን ባክተርያ ተር ኢሎም ክቕመጡ ይኽእሉ።

ቫይረስ ዝቐለለ ኣቃውማ ካብ ዝሓዙ ፍጡራት ኰይኖም፡ ናይ ተወርሶ ሓላፍነት ዝሰከም ("ጅንስ") እተጠቕለለ ፈትሊ መሰል ፕሮቲን ተኸቢቡ ጥራይ ይርከቡ። እዚ "ጅንስ" ኣብ ውሽጢ ኣትክልትን እንስሳታትን ኣትዩ፡ ከመይ ኢሎም ከም ዝዓብዩን ከመይ ዓይነት ቅርጺ ከም ዝሕዙን ይእዝዝ። ቫይረስ ኣብ ውሽጢ ዋህዮ ካልእ ፍጥረት ዝራብሑ ኰይኖም፡ ካብቲ ዋህዮ ምስ ዝወጽኡ ግን ሓጺር ዕምሪ'ዩ ዘሎዎም። ካብቲ ዋህዮ እናተመገቡ ክራብሑ እንከለዉ ኑቲ እቲ ዋህዮ ክሰርሖ ዝግበኦ የሰናኽሉዎ። እዚ ናብ ካልእ ዋህዮ ዝኣተወ ቫይረስ ተራቢሑ፡ ካብ ሓደ ዋህዮ ኣሽሓት ቫይረስ ኰይኑ ክወጽእ ይኽእል። እዞም ኣሽሓት ዋህዮታት ከኣ ከምኡ ንብዙሓት ዋህዮታት ከጥቅዑ ይኽእሉ።

እተፈላለዩ ቫይረሳት ንበበይኖም ዋህዮታት፤ ንኣብነት ኣብ ግዜ ዛሕሊ ካብ ዘሕምምና ቫይረሳት ኣብ ከባቢ ኣፍንጫናን ጕሮሮናን ከጥቅዑ እንከለዉ፡ ነዚ ኵሉ ግዜ እንሰምዖ ሕማም ኤይድስ ዘቃልዕ ቫይረስ ብፍሉይ ንስርዓት ምክልኻል ኣካልና የጥቅዕ። ንከም ናይ ዛሕሊ ቫይረስ ዝከላኸሉ ጻዓዱ ዋህዮታት ደም ይለኣኹ እዮም። እንተኾኑ ቀልጢፎም ክጽርዩዎም ኣይክእሉን፣ ገለ ቫይረስ ከኣ ኣብ ናይ መትንታትና ዋህዮታትና ተሓቢኦም የሸክዑዎም'ዮም። ቫይረስ ኣብ ዋህዮ ካልእ እንስሳ ወይ ተኽሊ ኣትዩም ቀልጢፎም ኣይራብሑን፣ ገለ ኸኣ ኣለዉ ንዓመት ክጸንሑ ዝኽእሉ። ቫይረስ ከም ኩሉ ሓደገኛ ዘኾኑ ፍጥረታት፡ ካልእ ጠቓሚ ገጽ ክህሉዎም ከም ዝኽእል ተመራመርቲ ክገልጹ እንከለዉ፡ ንሕማም መንሾሮ ዘቃልዕ ቫይረስ ካልእ ተቓታሊ ቫይረስ ብምፍጣር ክፍወሰሉ ዝኽእል መንገዲ ሃሰዉ ኣብ ምባል ይርከቡ።

ሰኒት ሰመረ

እንዶታት

ባህርያት ዕውት ተመሃራይ

ንተመሃሮ ዝሕግዙ ሓፈሻዊ ኣውካኢ ምዕዶታት

ብሓባር ኴንካ ምጽናዕ

ኣብ ሰሙን ክልተ ወይ ሰለስተ ግዜ ብሓባር ኴንካ ምጽናዕ፡ ካብ ኵሉ ግዜ በይንኻ ምጽናዕ ዝሓሸ እዩ። እዚ ጽሑፍ እዚ ንጥቕሚታት ብሓባር ኴንካ ምጽናዕ፡ ብኸመይ ናይ መጽናዕቲ ጕጅለ ትምስርትን ምስ ብጾትካ ብሓባር ኣብ ተጸንዓሉ እዋን ክውሰዱ ዘለዎም ጥንቃቐታትን ዝገልጽ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይዚ ዓምዲ፡ ንጥቕሚታት ብሓባር ምጽናዕ ዝገልጹ ነጥቢታት ኣቕሪብና ነይርና፣ ንሕጂ ኸኣ ንምቛም ናይ መጽናዕቲ ጕጅለ ዝገልጽ ከነቕርብ ኢና።

■ ምቛም ናይ መጽናዕቲ ጕጅለ

1. ኑቶም ኣብታ ናይ መጽናዕቲ ጕጅለ ኣባላታ ክኾኑ እትደልዮም ተመሃሮ፡ ጠይቶም ኣጽንዓዮ። ሓደ ኣባል ንክኸውን ክትመርጽ ዝዥም ዘሰዕቡ ሕቶታት መልሶም። መልሶም "እወ" ክኸውን ድማ ኣለዎ።

- "እዚ ተመሃራይ'ዚ ናይ መጽናዕቲ ተበግሶ (ድርኺት) ኣሎዎዶ?

- ንናይ ካልኦት ሰብ ሓሳባት ይቕበል ድዩ?

- ምስ ከምኡ ተመሃራይ ክሰርሕ ይደሊ ድዩ?

- ኣብ ትምህርቱ ዘሎዎ ውጽኢት ኣዕጋቢ ድዩ?

2. እቶም ኣባላት ክኾኑ ዝደለኻዮም ንመጽናዕቲ ዓድሞም፡ ካብ 3-5 ተመሃሮ እኹላት እዮም። ካብ 5 ንላዕሊ ክኾኑ ኣይግባእን።

3. ብሓባር ኴንኩም መዓስን ንኽንደይ ሰዓታትን ኣበይን ከም እተጽንዑ ወስኑ። ኣብ ጽምው ዝበለ ቦታ ክልተ ወይ ሰለስተ ግዜ ኣብ ሰሙን ምርኻብን ካብ 60-90 ደቓይቕ ምጽናዕን ውጽኢታዊ'ዩ።

4. ዕላማ ምትእኽኻብ ጕጅለ ንጹር ይኹን። (ንኣብነት ጽሑፍ (ኖት) ንምውድዳር፡ ንምይያጥ፡ ንፈተና ምድላው፡ ብሓባር ዕዮ-ገዛ ንምስራሕ..... ወዘተ)።

5. ኵሉ ኣባል እታ ጕጅለ ሓደ ዓይነት ስራሕ ክሰርሕ ይግባእ። ብሓባር ኩተጽንዕ ኣብ እትእከበሉ ንኹሉኻ ዘሕብር ሓደ ዓይነት ንጥፈት ምረጹ። እቲ ሓደ ካልእ እናጸንዐ፡ እቲ ሓደ ካልእ ክጸንዕ ኣይክእልን። ድሕሪ መጽናዕቲ ኣብ እትገብሩዎ ምምይያጥ ኩነ ኣብ መንጎ መጽናዕቲ ምትሕትታት በበይንኻ ኴንካ ኣይቀዱን። እትሰርሕዎ ዕዮ-ገዛ ይኹን መጽናዕቲ ንኸላትትኩም ዝጥርንፍ ሓደ ዓይነት ይኹን። እዚ ኣብ ነጥቢ ቍጽሪ 4 ተቐሚጡ ዘሎ 'ጕጅለ ብሓፈሻኡ ይኹን ንመዓልቲ እንታይ ከም እትገብር ውሱን ዕላማኣ ክተነጽር ምኽኣል' ካብ ከምዚ ምፍልላይ የድሕን እዩ።

6. መራሒ ጕጅለ ይሃሉ። እዚ መራሒ ኵሎም ኣባላት ንሓደ ዕላማ ይሰርሑ ምህላዎም ዘረጋግጽን ስርዓት ዝሕልውን'ዩ። መራሒ ጕጅለ ብቡተራ ክቕያየር ይኽእል።

7. ገለ ምቅይያራት ምስ ዝህሉ ብቐሊሉ ንኣባላት'ታ ጕጅለ ንምሕባር፡ ኣድራሻ፡ (ተሌፎን፡ ኢ-መይል) ናይ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ይመዝገቡ።

... ይቕጽል።

ዓንኬል ተመሃሮ

ኣካላዊ ምንቅስቓስ

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘዘውትር ሰብ ኣካሉ ድልዱል፡ ጥዕናኡ ምሉእ፡ ንጡፍን ትጉህን'ዩ ዝኸውን። ዝኾነ ሰብ ምንቅስቓስ ኣካላት ክገብር እንከሎ ብዙሕ ምኽንያታት ኣሎዎ፣ እቲ ዝበዝሐ ጥዕናኡ ንምሕላው ይገብሮ። ገለኦም መዓልታዊ ህይወቶም ብቑዓት ኰይኖም ክርከቡ ዘገድዶም (ከም ስፖርታውያን) ኰይኖም፡ ካልኦት ከኣ ክብደቶም ንምሕላው፡ ንመዘናግዒ ወይ ምስ መሳትኦም ንመወዳደሪ ዝሰርሑ ኣይሰኣኑን። ብሓኪም ተኣዚዞሎም ምእንተ ሕማሞም ክከናኸኑ ዝሰርሑ'ውን ኣለዉ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር ክንዮ እቲ ዝህቦ በበይኑ ጥቕሚታት ሕጉሳት ክንከውንን ዝኾነ ክንገብር ከም እንኽእል ክንኣምንን የኽእለና። ስልቻው፡ ትጉህ ዘይምኳን ካብዚ ዝነቅል እዩ። ብሰንኪ ትህኪትና ካብ ብዙሕ መደባትና ወይ ክንገብሮም ዝሓሰብና ንበኵር ኢና። ብዓቢኡ ካብ መጽናዕትና፣ እቲ ጽባሕ ክንሕጕሰሉ እንሓስቦ ሕጂ ስለ እንሰርሖ፡ ሓንቲ ደቒቕ ብሰንኪ ትህኪትና ብዘይ መደብ እንተ ሓሊፋ ሓንቲ ናይ ጽባሕ ሓጐስ ደቒቕ ኣጕዲልና ምህላውና ኣይንረስዕ።

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ዝምቀል ኰይኑ፡ "ኣይሮቢክ"ን "ኣንኤይሮቢክን" ይብሃሉ። "ኣይሮቢክ" ዝብሃል ምንቅስቓስ ኣብ ጭዋዳታትና ዓቢ ስራሕ ምስ ዝህሉን ብዝያዳ ቀልጣፊ ኦክሲጅን ምስ እንጥቀምን እዩ። ንልቢናን ሳንቡእናን ዝያዳ ኦክሲጅን ንኽዳሉዋ ብዙሕ ክሃልካ የገድደን። ምጕያይ፡ ምጕዓዝ፡ ኣብ ነዊሕ እዋን ነዊሕ ርሕቀት ምጕያይን ምሕንባስን ካብቶም "ኣይሮቢክ" ዝብሃሉ ምንቅስቓሳት እዮም።

"ኣንኤይሮቢክ" ዝብሃል ምንቅስቓስ ሙብዛሕትኡ ምስ ምልዓል ክብደት ዝተኣሳሰር ኰይኑ፡ ንጭዋዳታት ገዚፍን ተሪርን ይገብሮ። እዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ዘይከም "ኣይሮቢክ" ብዙሕ ኦክሲጅን ዘየህልኽ ክኸውን እንከሎ፡ ንልቢን ሳናቡእን'ውን ዘሸግር ኣይኮነን። "ኣንኤይሮቢክ" ምንቅስቓስ ንጭዋዳታትና ቀልጢፉ ስለ ዘድክም ንሓጺር ግዜ ጥራይ ዝግበር ምንቅስቓስ እዩ።

ናብ ልቢ ደም ዘመሓላልፉ ሻንብቆታት ብስብሒ ክጸቡ እንከለዉ ንልቢ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሕማማት (Plaque build up in blood vessels) የስዕቡ። "ኣይሮቢክ" ምንቅስቓስ ከም ምጕዓዝ፡ ብሽክለታ ምዝዋር፡ ኣብ እተወሰነ ግዜ ንነዊሕ ዝበለ ርሕቀት ምጕያይን ካልኣትን ነዚ ሕማም ልቢ ኣየቃልዑን። ንድልዳለ ልቢን ሳንቡእን'ውን ሓጋዚት እዮም። ዝኾነ ሰብ ኣብ ሰሙን እንተወሓደ ሰለስተ ግዜ ካብ 20-30 ደቒቕ ዝወስድ "ኣይሮቢክ" ምንቅስቓስ ከዘውትር ሓኪም ይምዕዱ።



ብተወሳኺ ክብደትና ንምሕላው ተመሰሳሊ ምንቅስቓስ ክካይድ ንኽእል ኴንና፡ ንመለጋገቦና ንምትዕጽጻፍ ዝሕግዙ ምስ ዮጋ ዝመሳሰሉ ፈኩስቲ ምንቅስቓሳት ክካይድ ተመራጺ እዩ።

ኣስመራ ርእሶም

ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ተንሲእካ ክትዛረብ ዘኽእል ትብዓት'ዩ፣ ኮፍ ኢልካ ንኽትሰምዕ ዘኽእል'ውን ትብዓት'ዩ።"

- ዊንተን ቸርቺል

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ጸሓፊ - ፍቕረየሱስ ኣማሃጽዮን
(ፕሮፋይል)
ትርጉም - ኣንገሶም ዮሴፍ

ሽፋቱ ባሕርን ጕይቶትን !



ቅዱስ ኣገስጢኖስ እተባህለ ግሉን ሊቅ ናይ ስነ-ሃይማኖት፡ ሓደ ካብቶም ሓያላት ፈላስፋታት ናይ ላቲን ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ። ናቱ ስነ-ሓሳብ ኣብ ታሪኽ ቤተ-ክርስትያን ክሳብ ሕጂ ሓያል ጽልዋ ኣለዎ ተባሂሉ ይእመነሉ። ካብቲን ንሱ ብዙሕ ዝኾኑ ኣፍልጦን ዘርኸበሉን መጻሕፍቱ፡ ንስሓ (confession)ን እታ ከተማ ኣምላኽ (The City Of God)ን ዝበለጸ እየን ነይረን። እዘን ክልተ መጻሕፍቱ፡ ኣብ ማእከላይ ዘመን ይኹን ኣብ ዘመናዊ ክርስትያናዊ ኣተሓሳስባ እምነ-ኩርናዕ ኮይነን ክሳብ ሕጂ ክቕጽላ ክኢለን። ‘እታ ከተማ ኣምላኽ’ እትብል መጽሓፉ፡ ኣብ ሓሙሻይ ክፍለ ዘመን ዝተጻሕፈት ኮይና፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ምዕራባዊ ኣተሓሳስባ ጽልዋኣ ክሃስስ ኣይከኣለን ዘሎ። ኣብታ መጽሓፍ፡ ቅዱስ ኣገስጢኖስ ናይቲ ብእስክንድር እቲ ዓቢ (Alexander The Great) እተማረኸ ሽፍታ ባሕሪ ኢያ እተዘንትዉ። እቲ ንጉስ ነቲ ዝማረኾ ሽፍታ ባሕሪ፡ ከመይ ገይሩ ንባሕሪ ክቆጻጸር ከምዝኸኣለ’ዩ ኣጨናቒ ሕቶ ዝሓቶ ዝነበረ። እቲ ሽፍታ-ባሕሪ ነቲ ንጉስ፡ “ብኸመይ ዲኻ ንመላእ ዓለም ክትገዝእ እትፍትን ዘለኻ?” ኢሉ ብሕቶ መለሸሉ። ኣነ ነቲ ዝጉብሮ ብንእሽቶ ጃልባ እየ ገይረዮ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ሽፍታ ባሕርን ሰራቕን ተባሂለ። ንስኻ ግና፡ ብዓብይቲ ጭፍራ መራኽብካ ንዓለም ክትቆጻጸር እናሃቀንካ፡ ንጉሰ-ነገስት ተባሂልካ ትጽዋዕ ኣለኻ በሎ።

እዚ ታሪኽ ካብ ዝጸሓፍ ሓያሎ ዘመናት እኳ እንተሓለፈ፡ ክሳብ ለይቲ ሎሚ እቲ ዛንታ ንኣህጉራዊ ዝምድናታትን ግሎባዊ ፖለቲካዊ ስርዓትን ከማእዝኖ ይረአ ኣሎ። ንኣብነት፡ ‘ብልሽውና’ ዝበሃል ሓሳብ ክለዓል ይኽእል። ሓያሎ መራኸቢ ብዙሓን፡ ኣህጉራውያን ውድባት፡ ንምዕባለ ንድግፍን ንሕብሕብን ዝብላ ትካላትን፡ ካልኦት ተንተንቲ ፖለቲካን፡ ኣብቲን ኣብ ምምዕባል ዘለዋ ሃገራት ንዘረአ ብልሽውና ኣብ ምቅላዕ ብዕቱብ ክሰርሓ ጸኒሐን ይሰርሓ’ውን ኣለዋ። እቲ ብዘዕባ መራሕቲ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ብቐጻሊ ንሰምዖን ንጽሕፎን ብልሽውና እዩ። እቶም ዝጠዝሑ ብልሹዋት እዮም ክትብል ይከኣል ይኸውን። ግደ ሓቂ’ውን ብቐንዱ ክጥቀስ ዝግበኦ ሓደ ነጥቢ ኣሎ። ንሱ ኸኣ፡ ኣብቲን ዝማዕበላ ሃገራት ዘሎ ዘይዝረበሉ ብልሽውና እዩ። እቲ ዝዓበየ ጸገም ኮይኑ ክጥቀስ ዝግበኦ ከኣ፡ ብልሽውና ሓደ ፍሉይ መለለዪ ዘለዎ ወይ’ውን ኣብ ምምዕባል ዝዘለዋ ሃገራትን መራሕተንን ጥራይ ዝምልከት ጌርካ ንምቕራብ ዝተገብረ ሽፈጥ ክጥቀስ ይግባእ። ስለዝኾነ፡ እዛም ናታቶም ጉዳይ ዓቢጦም ናይ ካልኦት ኩናኽሩን ከወዓውዑን ዝውዕሉ፡ ካብዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ነጻ እዮም ክትብል ኣይከኣልን፣ ኣይኮኑን ከኣ። እቲ ጉዳይ ንመራሕቲ ናይ’ተን ኣብ ምምዕባል ዘለዋ ሃገራት ጥራይ ስለ ዘላገቡሎም፡ ንሳቶም ነጻ እዮም ማለት ከምዘይኮነ ዘይፈልጥ ክህሉ ኣይግባእን።

ቀንዲ ምኽንያት ናይቲ ኣብ 2008 ዘጋጠመ ኣህጉራዊ ፋይናንሳዊ ቅልውላው፡ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት እተራእየ ግሉን ብልሽውና ምንባሩ ብሰፊሑ ክጥቀስ ዝጸንሐ ነጥቢ እዩ። ድሕሪ ናይ 2008 ቁጠባዊ ዝቕባቡ፡ ኣመሪካዊ ክኢላ ስነ-ቁጠባ ጄፍሪይ ሳችስ፡ ነቲ ‘ማንታ መዐየሪ’ ዝበሃል ሕቡእ ኣጀንዳ ኣቃሊዑዎ እዩ። ንሱ፡ ነተን ናብ ጎደና ጥፈሻ ዘምርሓ ምዕራባውያን ባንክታትን ፋይናንሳዊ ማእከላትን፡ ኣብ ልዕለኣን ዘሎ እወታዊ ኣረኣእያ ክቕጽዓ ኣብ ዘይክእላሉ ደረጃ ኣብጺሒሑወን ኣሎ። እዘን ጉሒላታት ዝኾና ፋይናንሳውያን ትካላት፡ ብቢልዮናት ዶላር ዝግመት ገንዘብ’የን ዘሚተን። እዚ ከኣ፡ ካብ መቕጻዕቲ ነጻ ንምኳን ዝገበር ጉልባብ እዩ። እዚ ክስተት’ዚ፡ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ወይ’ውን ኣብ ላቲን ኣመሪካ እንተዝኸውን ነይሩ፡ እቲ ናይ ብልሽውና ጉዳይ ክሳብ ክንደይ ምተወዓውዐ ኔሩ ኢልካ ምሕሳብ ይከኣል ይኸውን። የግዳስ፡ ነተን ኣዚ ሽፈጥ’ዚ ዝፈጸማ ሃገራት ብዙጥዕም ኣይተዘርበሉን። እተን ሃገራት ድሑራት እንተዝኾና ከኣ፡ እቲ ጉዳይ ከም መርገም ተወሲዱ ብዙሕ ዘለፋን ተቓውሞን ኣብ ልዕለኣን ምዘነበ። በዚ ኸይኮነ ኣይተርፍን ኣብዘን ሃገራት ዝረዘነ ድኽነት፡ ዓጸቦን ካልእ ጸገማትን ከም ዓቢ ጉዳይ ኣገዳሲ ኣገልግሎት ኣካፊእካን ብምዕራባውያን ዝግለጽ።

ንኣህጉራዊ ፋይናንሳዊ ቅልውላው ብዙሕ ምኽኒት ክወሃቡ ይከኣል ይኸውን። ብኣውራ ዝጥቀስ ነጥቢ እንተሎ ግና፡ ብኸመይ እቶም ውሑዳት ነቲ ጸጋታት ናብ ማሕፋዳኦም ከግዕዝዎ ክኢሎም ዝብል ሕቶ ክለዓል ይግባእ። ሓያሎ ዓበይቲ ትካላት፡ ውልቀ-ሰባት፡ ፖለቲከኛታት፡ ሓለፍቲ ባንክታት፡ ተቖጻጸርቲ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ምሁራንን ንውልቃዊ ረብሓታቶም ክብሉ ሓደስቲ ፖሊሲታትን ሕጋውያን ትካላትን ኣምጺኦም። ኣብ ጉዳያት ናይተን ትካላት ብምትእትታው፡ ጽዑቕ ነሽንሽት እናኣካየዱ ድማ ብቐሊሉ ከተግብርዎ ክኢሎም።

ይኹን ደኣ እምበር፡ እዚ ኣብ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ዝረአ ብልሽውና፡ ብምዕራባውያን ትካላትን ፖሊሲታትን ዝሰዓብ እዩ ክበሃል ይከኣል። ኣብ ዘቤታዊ ጉዳያተን ቀጥታውን ዘይቀጥታውን ጣልቃ ይኣትዋ፣ እቲ ዝጉብርኦ ደገፍን ምትሕግጋዘን’ውን ምኽንያት ናይዚ ዝረአ ጸገማት እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ምዕራብ ዘለዋ ፋይናንሳዊ ማእከላት (ካሪብያንን ስዊዘርላንድን ገዲፍካ)፡ ካብኡ ወጻኢ ናብ ዘይሕጋዊ ቦታታት ዝግዕዝ ውጉዝ እቶት ከኣ ብቐሊሉ ዝግለጽ ኣይኮነን። ካብ ግብሪ ምኽፋል ክሃድሙ ብዝፍትኑ ሰሱዓት ኣብ ፈቐዶ ደሴታት ዝርከብ ዘይሕጋዊ ፋይናንሳዊ ማእከላት እልቢ የብሉን። ስለዝኾነ ኸኣ፡ ኣህጉራውያን ኮርፖረሽናት ካብ ግብሪ ምኽፋል ክሃድማ ክብላ፡ ካብቶም ብልሹዋት ዝበሃሉ መራሕቲ ናይ ዘይማዕበላ ሃገራት ንላዕሊ ንቁጠባ ዓለም ዝኸፈአ ክሳራታት የውርዳሉ ኣለዋ። ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮሚሽን ቁጠባ ኣብ ኣፍሪቃ ብመሰረት ዘውጸኦ ጸብጻብ፡ ብኣህጉራውያን ኮርፖረሽናት ናብዘ ኣህጉር ዝውሕዝ ዘይሕጋዊ ፋይናንሳውን ናይ ቀረጽ ምጥፍፋእን ዓመታዊ ብልዮናት ዶላር ክትከሰር ከም ዘገድዳ ይሕብር። ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ካብዘን ሃገራትን ኣህጉራውያን ትካላትን ዝቕበላኦ ረድኤት ወይ ሓገዝ ዘሰዕበለን ክሳራ፡ ካብቶም መራሕቲ ናይ’ዘን ሃገራት ዘጥፍኡዎ ንላዕሊ ከምዝኾነ ድማ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ የረጋግጽ።

ብዘይካ’ዚ፡ እቲ ካልእ ቅሉዕ ማንታ መዐየሪ - ናይ ወጻኢ ፖሊሲ እዩ። ቀጻሊ ምዕራባዊ ኣተሓሳስባ ዘምጽኦም - ንናቶም ፖለቲካዊ ኣካይዳ ከም ሞራላውን ቅቡዕን ጌርካ ምቕራብን፡ ንናይ ወጻኢ ፖሊሲታትካ ምቕንጻዎውን እዩ። ዚያዳ ኣተኩሮም ዝሰርሑሉ እንተሎ ኸኣ፡ ንሰብኣዊ መሰላት ንሕለቓሎም ኢና እናበሉ ንዘርጉት ሰላም ከሰርሑ ይረኣዩ። እዚ ምዕራባውያን ሃገራት ክጥቀማሉ ዝጸንሓ ‘ዝተወደበ ኣምሰሉኑት’ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታት፡ ብዝተፈላለዩ መጽናዕቲ ክቃላዕ ክኢሉ’ዩ። እቲ ባዶሽ፡ ነቲ ንሶም ዝብልዎ ዘደብ ገዲፎም፡ ሙብዘሕትኦን ሃገራት ምዕራብ ድሕሪ ምዝዛም ዝሐቱል ኩናት መሸጣ ኣጽዋር ከወግዳ ኣይከኣላን። እዚ ድማ፡ ንመሰል ደቂ-ሰብ ንጣበቕ ኢና እናበላ ኣብ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ግን ቀዳሞት ተጠቀስትን ምኽንያትን ኮና። ነተን ብሰንኪ ድኽነት ዝደሓራ ሃገራት ቁጠባውን ጸጥታውን ሓገዝት ክንዲ ዝጉብራለን ከኣ፡ ንናተን ኣጽዋር ዝሸውን ዕዳጋታት ኣብ ምጥጣሕ ተጸምዳ።

ስለዝኾነ፡ ሃገራት ምዕራብ ብዛዕባ ሰላም ኣመልኪተን ዘውጽኣኦ ኣዋጃት፡ ብቀዳምነት ዝጥሕሶ እንተሎ ንሳተን ባዕላተን እየን። ብደረጃ ኣህጉር ናይ ሰላም መጽናዕቲ ዘካይድ ኣብ ስቶክሆልም ዝመደበሩ ‘SIRPI’ ዝተባህለ ትካል፡ ኣብ ግጭት፡ መሸጣን ምውጋድን ኣጽዋር ኣተኩሩ መጽናዕቲ ኣካዪዱ ነይሩ። ብመሰረት እቲ ዘካየዶ መጽናዕቲ ከኣ፡ ካብ 2013-2017 ዝነበረ እዋን፡ ብደረጃ ዓለም ዝጠዘሐ ሰደድ ኣጽዋር ዝተራእየሉ ነይሩ። ሙብዘሕትኦን እተን ብመሸጣ ኣጽዋር ኣብ ቅድሚት ዝሰርዓ ሃገራት ምዕራብ ምኻነን ድማ እቲ መጽናዕቲ ይጠቅስ። ብሰደድ ኣጽዋር ካብተን 10 ቀዳሞት ሃገራት፡ እተን 8 ምዕራባውያን እየን። ንልዕሊ 62% ግሎባዊ ሰደድ ኣጽዋር ከኣ ብሒተንኦ ይርከባ። የግዳስ፡ እዚ መጽናዕቲ’ዚ፡ ኣብ ውሑዳት ሃገራት ጥራይ ዝተኻየደ ብምኻኑ፡ ኣብ ኩለን ሃገራት መጽናዕቲ እንተዝግበር እቲ ቁጽሪ ምዛየደ ነይሩ።

ናይዚ ማንታ መዐቀኒ ዝኾነ ዛዕባ፡ ብልሽውናን ኣህጉራዊ ምስግጋር ኣጽዋርን ጥራይ እዩ። የግዳስ፡ ኣብ ብዙሕ መዳያት ዛዕባታት ኣልዒልካ’ውን ክዝረብ ይከኣል። ኣውራ ድማ ኣህጉራዊ ንግዲ፡ ሰደት፡ ደሞክራሲ፡ ግጭት፡ ሰብኣዊ መሰላትን ኣህጉራዊ ሕግን። እቲ ዝዓበየ ብድሆ ናይዚ ማንታ መዐየሪ እቲ ንሳተን ዝጥቀማሉ እዩ። ንረብሓታተን ዘሳሲ ኣካይዳን ፖሊሲታትን እየን ዝሕንጽጻ። ንድሑራት ሃገራት ዝኸውን ፍታሕ ናይ ብዙሕ ጽላታት ክንዲ ምምጻእ፡ ካልእ ኣደራዕ ንምውሳኽን ጸጋታተን ንምምዝማዝን ኣተኩሮም ይሰርሓ። ኣብ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታተን ዘቕርባኦ ምስሊ፡ ኣብቲ ዘቤታዊ ጉዳያተን ምስ ዘውርደኦ ሃሲያ ኣነጻጺርካ ክረአ ዘይከኣል ይመስል።

እዚ እተላዕለ ዛዕባ፡ ከም ሓደ ዘየገድስ ጌርካ ምርኣዩ ኣይግባእን። ንግዳማዊ መልክዕ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ተጠቒምካ ንጸገማተን ብልክዕ ክትገልጽ ዝከኣል ኣይኮነን። ምኽንያት ወይ ጠንቂ ናይቲ ጸገማት ብንጹር ንምፍላጥ ከኣ፡ መን’ዩ ዝደፍኦ ዘሎ ምፍላጥ የድሊ። ኣዚን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዘጋጥመን ሽግራት፡ በዘን ነጥብታት እዚኣን ጥራይ መደምደምታ ክወሃበሉ እውን ዝከኣል ኣይኮነን። የግዳስ ዝገጥመን ዘሎ ብድሆታት ልዑል ኣቓልቦ ክረክብ ይግባእ። ይኹን ደኣ’ምበር፡ ኣዚ ጉሉሕን ኣምሰሉነታውን ማንታ መዐየሪ ዘይከስተብህሉሉ ይኽእሉ እዮም። በዚ ድማ፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ማንታ መዐየሪ ዝዘመናዊ ኣህጉራዊ ዝምድናታትን ግሎባዊ ፖለቲካዊ ስርዓትን’ዩ ዝሰርሕ፣ ኣምሰሉ ኣተሓሳስባ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ክስቕሓሉን ቅልጡፍ ፍታሕ ክረኽባሉን ግዚኡ ዝኣኸለ ይመስል።

ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

ተስፋኣለም ገብረዮሃንስ (ኲባ)

ባጽዕ፡ ቅድድም ብሽክለታ ይካየድ ኣሎ

ብፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ዝተወደበ ብምኽንያት ንዘኸሪ ዝሓለፉ ጉዳያም ተቐዳደምቲ ብሽክለታ ከተማ ባጽዕ ንምዝኻር ንሰለስተ ሰናብቲ ዝቐጽል ኣብ መንጎ ኣርባዕተ ዲቪዥናት ናይ ህጻናት፡ ማእከሎት፡ ደቂ ኣንስትዮን ዓበይትን ዝሳተፍዎ ውድድራት ሰሪዑ ይርከብ።

እቲ ብሰንበት 04 ሕዳር ዝፈለመ ቀዳማይ መድረኽ፡ 20 ዙርያ ዝሸፈነ ናይ ህጻናት ውድድር፡ ኣብ ሰዓት 27 ኪሎ ሜተር እናተሓንበበ ኣብ ዝፀደዎ ህልኽ ዝመልአ ጸወታ፡ ተቐዳዳማይ ሚልኪያስ ዳዊት ንኹሎም ተወዳደርቲ ራሕሪሑ ብዙርያ ብምርሓፍ ናይቲ ውድድር ተዓዋቲ ብምዃን 22 ነጥቢ ክሓፍስ ክኢሉ።

ቀጺሉም ውድድሮም ዝፀዱ 2ይ ዲቪዥን ተቐዳደምቲ፡ 25 ዙርያ ዝጠቓለለ ኮይኑ፡ ኣብ ሰዓት 27 ኪሎ ሜተር እናተወንጨፉ ውድድሮም ብጽቡቕ ኣሰላሲሎም። እቲ ውድድር መሳጢ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣብ መንጎኦም ህልኽ ዝመልአ ቅድድም ብምንባሩ፡ ንተዓዛቢቲ ዝመሰጠ ውድድር እዩ ኔሩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ቀዳማይ ሳሚኤል ይሕደጎ፡ ካልኣይ ሴም ኣኽሊሉ፣ ሳልሳይ ሂኒባል ኣታኽልቲ፣ ራብዓይ ዘርኣሰናይ ብርሃ፣ ሓምሻይ ቢንያም ኪዳነ፣ ሻድሻይ ኣይመን ዓብዱ ብምዃን ውድድሮም ዛዚሞም።

ቀጺሉ 10 ዙርያ ዝሸፈነ ውድድር ዝፀደዋ ተቐዳደምቲ ደቂ ኣንስትዮ እየን። ኣብ ሰዓት 8.3 ኪሎ ሜተር ብምሕንባብ ውድድረን ብዓወት ዛዚመን። ቀዳመይቲ ኣርያም ብርሃ፣ ካልኣይቲ ሊድያ ረዳኢ፡ ሳልሰይቲ ሳሮን ዳኒኤል ኮይነን ውድድረን ዛዚመን።

ኣብ መወዳእታ ድማ ኩሉ ኣፍቃሪ ስፖርት ከተማ ባጽዕ ብዓቢ ሃንቀውታ ዝጸበዮ ዝነበረ ውድድር 1ይ ዲቪዥን ኮይኑ፡ ተወዳደርቲ ከተማ ባጽዕን ጊንዳዕን ዝተሳተፍዎ ህልኽ ዝመልአ ውድድር ኣካዪዶም። 35 ዙርያ ማለት 59.5 ኪሎ ሜተር ንምሽፋን ውድድሮም ጀሚሮም። ኣብ ሰዓት 34 ኪሎ ሜተር እናተሓንበቡ ውድድሮም ቀጺሎም። ኣብ መወዳእታ ዓሰርተ ዙርያ ክተርፍ እንከሎ፡ ተቐዳዳማይ ከተማ ባጽዕ መዋእል ቴድሮስ ንኹሎም መወዳደርቱ ብዙርያ ብምርሓፍ ውድድሩ ብዓወት ዛዚሙ። መዋእል ቴድሮስ ካብ 2ይ ዲቪዥን ዝሓለፈ ኮይኑ፡ ብዘርእዮ መሳጢ ጸወታ ካብ ኣፍቀርቲ ስፖርት ዓቢ ኣድናቖትን ናእዳን ክትርፍ ክኢሉ።

ካልኣይ መድረኽ ናይዚ ውድድር ዝመጽእ ዘሎ ሰንበት 11 ሕዳር ክቕጽል ምዃኑ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ባጽዕ ይሕብር።

“ብዘይካ ኣለን ሺረር፡ ካልኦት ተንተንቲ ኣብ መስኮት ቴሌቭዥን እንተመጺኦም ድምጺ ኣጥፍእዎ” ራፋኤል በኒተዝ

ኣሰልጣኒ ኒውካስል ዩናይትድ ራፋኤል በኒተዝ ንተጻወትቱ ቀጢን ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ። እቲ ስጳኛዊ ኣሰልጣኒ ተጻወትቱ፡ ብዘይካ ንኣለን ሺረር ካልኦት ተንተንቲ ኣብ ቴሌቭዥን ቀሪቦም ንዝሁብዎ ርእይቶታት ከይሰምዕዎ ዝኸልክል ትእዛዝ እዩ ኣመሓላሊፉ። ኒውካስል ብመራሕነት ኣሰልጣኒ ራፋኤል በኒተዝ ኣብዚ ዓመት ስፖርት ዛጊት መሳጢ ብቐዓት ከተርኢ ኣይከኣለትን። እታ ክለብ ኣብዚ ናይ ውድድር ዓመት እንኮ’ያ ተዓዊታ - ኣብ መወዳእታ ሰሙን ኣብ ልዕሊ ዋትፎርድ ዘመዝገበታ ዓወት ማለት’ዩ። በዚ ከኣ’ዩ እዛ ብማጂፕስ ዝበል ቅጽል መጸውዒ እትፍለጥ ክለብ፡ ብዙሕ ፊል ኑሽል ዘኣማስሉ ተንተንቲ “ኒውካስል ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ ዘሰርር ምሉእ ብቕዓት የብላን” ዝበል ነቐፌታ ክዘንባ ዝሰማዕ ዘሎ። ነዚ ነቐፌታ ክጻወር ዘይከኣለ በኒተዝ፡ ተጻወትቱ ንርእይቶ ተንተንቲ ፕሪመር ሊግ ጸማም እዝኒ ክሁብዎ ዘጠንቀቐ ዘሎ። በኒተዝ “ድምጺ ቴሌቭዥንና ኣጥፊእና ጸወታታት ኣብ ንዕዘበሉ ሰዓት ኢና በጺሕና ዘለና። ጋዜጣታት ብዙሕ ምንባብ ኣየድልየናን እዩ። ኣደነህቦና ምሉእ ኣብ ጸወታና ክኸውን ኣለዎ’ ኢሉ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናቱ ርእይቶ ኣለዎ። ጉዳይ ዝስሕቦ ርእይቶ ኣለን ሺረር ጥራይ እዩ። ምኽንያቱ ንዕኡ ናብ ጋንታይ ክጽምብሮ ክፍትን እየ። እንተዝኾኖለይ ኣብ መስመር መጥቃዕቲ መጻወትክዎ። ግን እንታይ ይዓብስ ክኸውን ዘይክእል እዩ” ብምባል ከኣ ብዛዕባ ሺረር ዘለዎ ኣድናቖት ገሊጹ። ኣለን ሺረር ናይ ቀደም ሓሊቓ ጋንታ ክለብ ኒውካስል ዝነበረ እዩ።

ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ባረንቱ

ብምውህሃድ ሃማመተኤ ዞባ ጋሽ-ባርካን ዩኒሰፍን ንመዓልቲ መንእሰያት ምኽንያት ብምግባር ዝተወደበ ቅድድም ብሽክለታ መንእሰያት ኣብ ከተማ ባረንቱ ይካየድ ኣሎ።

ኣብቲ “ምሕያል ስፖርትን መንእሰያትን ምሕያል ሃገራዊ ክብርታት’ዩ” ብዝብል ቴማ ተወዳቡ ካብ 04 ክሳብ 25 ሕዳር ንኣርባዕተ ሰናብቲ ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ ውድድር፡ ኣርባዕተ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 22 ካብ ባረንቱን ኣቑርደትን ጥራይ ዝተዋጽኡ መንእሰያት፡ ኣብ ሰለስተ ዲቪዝዮናት ናይ ደቂ ተባዕትዮን ሓንቲ ጉጅለ ናይ ደቂ ኣንስትዮን ብምክፍፋል ናይ መኽፈቲ ውድድር ንምክያድ ኣብ ቦታ ውድድር ተረኺቦም። ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ዲቪዝዮን ብዘቕረብዎ ናይ ዕውታት ሽልማት ጠለብ፡ ኣብቲ ፈላሚ ውድድር ስለዘይተሳተፉ ተቐዳደምቲ ካልኣይን ሳልሳይን ዲቪዝዮን ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ጥራይ ውድድሮም ኣካይዶም።

ዕላማ ናይቲ መደብ፡ ዓቕሚ ተቐዳደምቲ ብሽክለታ መንእሰያት ናይቲ ዞባ ብምፍታሽ ኣብ ዞባውን ሃገራውን ውድድራት ዝሳተፉ መንእሰያት ንምፍራይን ስፖርታዊ ክብርታት ናብ ናእሽቱ ወለዶታት ንምትሕልላፍን ከምዝኾነ ዝጠቐሱ ኣካየድቲ ናይቲ መደብ፡ ቁጽሪ ተሳተፍቲ ንእሳን ዞባታት ኣብ ቀጻሊ ከምዝውሰኽ ንምግባር ክሰርሓሉ ምዃኖም ሓቢሮም።

ኣብቲ ዕለት ኣብ ዝተኻየደ 25 ኪሎ ሜትር ዝሸፈነ ናይ ተቐዳደምቲ ሳልሳይ ዲቪዝዮን ውድድር፡ መሓር መሓመድ (ካብ ባረንቱ) ቀዳማይ ተዓዊቱ ክኸውን እንከሎ፡ የውሃንስ ጾገን ፔተር ምስዮንን (ክልቲኦም ካብ ኣቑርደት) ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ብምዃን ውድድሮም ዛዚሞም።

ሸውዓተ ተቐዳደምቲ ዝተሳተፍዎ ናይ ካልኣይ ዲቪዝዮን ውድድር ድማ ተቐዳደምቲ 35 ኪሎ ሜትር ክሸፍኑ እንከለዉ፡ መርሃዊ ተስፋሚካኤልን ሳሚኤል ኣማኒኤልን (ካብ ባረንቱ) ንመወዳደርቶም ብጅሮ ብምርሓፍ ቀዳማይን ካልኣይን ብምዃን ተዓዊቶም።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ ዝተኻየደ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ድማ ወደብ ብርሃን ሳሮን ተክኤን (ክልቲአን ካብ ባረንቱ) ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ብምሓዝ ንመወዳደርተን ብጅሮ ገሊፈን።

ቁጽሪ ተሳተፍቲ ኣብ ክልቲኡ ጾታታት ውሑድ ምስ ምዃኑ፡ ኩለን ንእሳን ዞባታት ተሳተፍቲ ብዘይምዃነን ኑቲ ኣብቲ ዞባ ክፍተሽ ዝጉብአ ብቕዓት ተቐዳደምቲ መንእሰያት ዘንጸባርቕ ኮይኑ ዘይተጀመረ ቅድድም ብሽክለታ መንእሰያት፡ ኣብ ቀጻሊ ዘለዎም ሃጓፋት ተማሊኡ ኣሳታፊ መድረኽ ንምግባሩን ቴማ ናይቲ ቅነ ንምውቃዕን ወደብቲ ኣካላት ብዕቱብ ክሰርሑሉ ይግባእ።

መደብ ጸወታ

ሎሚ ረቡዕ

ሻምፕዮንስ ሊግ

ቫለንሺያ ምስ ያንግ ቦይስ
ሰዓት 8:55
ሰኤስኬኤ ምስ ሮማ
ሰዓት 8:55
ማንሲቲ ምስ ሻኽታር ዶነስክ
ሰዓት11:00
ሊዮን ምስ ሆፈንሃይም
ሰዓት 11:00
ፕላዘን ምስ ሪያል ማድሪድ
ሰዓት 11:00
ጁቬንቱስ ምስ ማንዩናይትድ
ሰዓት 11:00

ሻምፕዮንስ ሊግ

መቐጸልታ ትማሊ ምሸት ዝተኻየደ ግጥማት ራብዓይ ሰሙን ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ሎሚ ረቡዕ እውን ክካየድ እዩ። ካብ ሓምሻይ ክሳብ ሻምናይ ምድብ ዝርከባ ክለባት ድማ ግጥማተን ከሰላስላ እየን። ኣብዚ ሎሚ ምሸት ዝካየድ ጸወታታት፡ ክለባት ጁቬንቱስ ምስ ማንችስተር ዩናይትድ ዝካየደኦ ግጥም ኣቓልቦ ስሒቡ ኣሎ። ቅድሚ ክልተ ቕነ ክርስትያኖ ሮናልዶ ናብ ናይ ቀድም ክለቡ ምልሶት ሎሚ እውን በንጻሩ ፖል ፖግባ ናብ ናይ ቀድም ክለቡ ዝምለሰሉ ኮይኑ ኣሎ። “ቱሪን ልክዕ ከም ቤተይ እያ ትስመዓኒ” ብምባል ድማ ናብታ ዝጸውተላ ዝነበረ ክለብ ምምላሱ ከም ዘሐጎሶ ገሊጹ ኣሎ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ጸወታ፡ ብወገን ማንዩናይትድ ኣጥቃዓይ ሮመዩ ሉካኩ ካብ ናይ ትማሊ ልምምድ ምብኳሩ ተፈሊጡ ኣሎ። ኣብ ዝሐለፈ ሰለስተ ግጥማት ኤውሮጳ ሓንሳእ ጥራይ ዝተዓወተት ማንችስተር ኣብ ናይ ሎሚ ግጥም ዓወት ከገድሳ እዩ። ጁቬንቱስ ንምድብ ሸሞንተ ብትሽዓተ ነጥቢ ክትቅልሶ እንከሎ፡ ዩናይትድ ብኣርባዕተ ነጥቢ ትስዕብ፡ ምስ ያንግ ቦይስ እትገጥም ቫለንሺያ ብክልተ ነጥቢ ሳልሳይቲ፡ ያንግ ቦይስ ድማ ራብዓይቲ ደርኪቦ።





ቃልሲ ፕረዚደንት ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ኣንጻር ሱፐር ሊግ

ፕረዚደንት ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ኣሌክሳንደር ሰፍሪን፡ ንሱ ኣብ ስልጣን ክሳብ ዘለወ ኣንጻር ምምስራት ሱፐር ሊግ ኤውሮጳ ክቃለስ ምዃኑ ተዛሪቡ።

ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሰንበት ሕታም ስፖርት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ጋዜጣ ደር ስፒገል ናይ ጀርመን ፋት ቦል ሊክ ካብ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ረኺቡዎ ንዝበሎ፡ ብዛዕባ ምምስራት ሱፐር ሊግ ኤውሮጳ ዝምልከት ዜና ኣቕሪብና ነይርና። ብምስራት እቲ ሓበሬታ፡ 11 ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ማለት ማንችስተር ዩናይትድ፡ ማንችስተር ሲቲ፡ ቸልሲ፡ ኣርሰናል፡ ሊቨርፑል፡ ሪያል ማድሪድ፡ ባርሰሎና፡ ፓሪስ ሰይንት ጀርመይን፡ ጁቬንቱስን ባየር ሙኒኽን ካልኦት ሓሙሽተ ተወሰኽቲ ክለባትን ዝሳተፍኦ ካብ 2021 ኣትሒዙ ዝፀየድ ሓድሽ ውድድር ንምጅማር ብምስጢር ይሰርሓ ምህላወን ይገልጽ።

ፕረዚደንት ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ኣሌክሳንደር ሰፍሪን ኣንጻር ምምስራት እዚ ውድድር ኣመልኪቱ ንመጽሄት ኪከር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ብዓለም ደረጃ ንጸወታ ኩዕሶ እግሪ ከፅንዎ እዩ። ኣዝዩ ኣሰልካዪ ክኸውን’ዩ ” ኢሉ። ኣሰዒቡ፡ “ሰሙን መጺ ኣብ ክንዲ ጁቬ ኣንጻር ቱሪኖ፡ ጁቬ ኣንጻር ባየርን ክትርኢ ብዘይመጠን ኣሰልካዪ ክኸውን’ዩ። ኣነ ኣብዚ ክሳብ ዝዘለኹ፡ ኣንጻር እዚ ተበግሶ ክሳብ መወዳእታ ምቕላሳየን ዝኽእሎ ኩሉ ክገብር ምዃነይን ኣብ ሕቶ ዝኣቱ ኣይኮነን ” ዝበለ ፕረዚደንት ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ኣሌክሳንደር ሰፍሪን ኣሰዒቡ “ብዛዕባ ዕጹው ኣገባብ ክንዛረብ እንተደኣ ኴንና ብዛዕባ ምትሕግጋዝን ሓድነትን ምዕባለን ኩዕሶ እግሪ ክንዛረብ የብልናን። ኣብ ነዊሕ ጉዕዞ እተን ክለባት ፈሸልቲ እየን ” ኢሉ።

ብሸቶ ዝመርሑ ዘለው ተጻወትቲ ሻምፕዮንስ ሊግ

ኤዲን ዜኮ ካብ ክለብ ሮማ
ብ5 ሸቶታት
ሊዮኔል መሲ ካብ ክለብ ባርሰሎና
ብ5 ሸቶታት
ፓውሎ ዲባላ ካብ ክለብ ጁቬንቱስ
ብ4 ሸቶታት
ኔይማር ካብ ክለብ ፒኤስጂ
ብ3 ሸቶታት

ምልክታ

ቤተልሄም ታደሰ - እምነት ኣማኑኤል
ሊድያ ስለጣን

ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ወ/ሮ መርሃዊት ሃብተጼን ገብረን ተጸዋዒ ኣቶ ዓንደመስቀል ክንፈን ዘሎ ናይ ሞግዚትነት ምሻም ክርክር፡ ተጸዋዒ ኣብዚ ሃገር ዘየለን ንጹር ኣድራሻ የብሉን ስለዝኾነ፡ ተጸዊዑ ን19/11/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኣያ ቁ/35 ይቕረብ። ምስ ዘይቀርብ እቲ ጉዳይ ኣብ ዘየለወሉ ክውሰን ምዃኑ ቤ/ፍ የፍልጥ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወረ/ነፍ ባሻይ ተስፋልደት ዳኘው፡ ነፍ/ምሕረት ተስፋጽዮን፡ ወ/ሮ ትብለጽ ተስፋልደትን ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ ባሻይ ተስፋልደት ዳኘው ነፍ/ምሕረት ተስፋጽዮን 1.ዛይድ ተስፋልደት 2.ጸሃየ ተስፋልደት 3.ዘውዲ ተስፋልደት 4.ሚኪኤል ተስፋልደት ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክርክር፡ ተኸሰስቲ 3.ዘውዲ ተስፋልደት 4.ሚኪኤል ተስፋልደት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን14/11/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ኣብ መንጎ ከሰስቲ ወረ/ነፍ ሽደን ገብረገርግሽ 1.ዓወት ሽደን፡ ማዕድን ሽደን፡ ድልየት ሽደን 2.ኣሰፋሽ ገብረገርግሽን ተኸሰስቲ 1.እምሃጽዮን ከፈላ 2.ዳዊት ኣስገዶም 3.ስሉስ ሃይለ ገብረትንሳኤ ቀሪቡ ዘሎ ናይ ካሕሳ ክሲ፡ ተኸሰስቲ ብኣድራሽኦም ስለዘይተረኸቡ፡ ተጸዊዖም ን20/11/18 ኣብ ላ/ቤ/ፍ 1ይ መጋባኣያ ቁ/28 ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ግን ጉዳዮም ኣብ ዘየለውሉ ክረአ ምዃኑ ቤ/ፍ የፍልጥ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ኣልጋነሽ ወልዳይን ተኸሳሲ ኣቶ ጎይትኦም ኣስመሮምን ዘሎ ናይ ኣቦነት ጉዳይ ክርክር፡ ተኸሳሲ ኣድራሽኡ ብንጹር ስለዘይተፈልጠ፡ ተጸዊዑ ን27/11/18 ኣብ 1 ቤ/ፍ 1ይ መጋባኣያ ቁ/32 ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ መሰርሕ ዳንነት ክቕጽል ምዃኑ ቤ/ፍ የፍልጥ።

ኣቶ ኣቢብ ገብረዝጊ ገብረመድህን ምባል ተሪፉ፡ ኣቤል ገብረዝጊ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኣያ ቁ.35 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሰስቲ ወረ/ነፍ ለምለም ገ/ስላሴ 1.ሸዋይነሽ ሃይሉን ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ ገብረስላሴ ተግባሩ 2.ወረ/ነፍ ዘውዲቱ ሃይሉ ወረ/ነፍ ኪዳነ ገ/ስላሴ 1.ተበርሀ ኪዳነ +21 ዘከራኽር ዘሎ ጉዳይ ምቅሊት ውርሲ፡ ተኸሳሲ ሄኖክ ኣሰፋው ብኣድራሽኡ ክርከብ ስለዘይከኣለ፡ ተጸዊዑ ን29/11/18 ኣብ ላ/ቤ/ፍ 1ይ መጋባኣያ ቁ/28 ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ኣብ ዘየለወሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣብ መንጎ ከሰስቲ 1.ርስቶም ዮሴፍ +2 ተኸሰስቲ 1.ለታይ ጎሎም +3 ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሻ ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ 1.ወ/ሮ ለታይ ጎሎም ወልደገርጊስ 2.ሩታ ዮሴፍ ሃይለስላሴ 3.ልዋም ዮሴፍ ሃይለስላሴ ተጸዊዖን፡ ን29/11/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኣያ ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ኣብ ዘየለውሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊ ኣቶ ኣባይ ደባስ ከበደምን መልሲ ወሃብቲ ወረ/ነሄር ብላታ ገብረስላሴ ዘገርግሸን ወረ/ነሄር እንድራሱ ተወልደን ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር፡ ካብ መልሲ ወህብቲ 1. ወረ/ነሄር ቀሺ ብርሃነ ገብረስላሴ ዝኾኑ 1.1. ተኽኣ ብርሃነ ገ/ስላሴ 1.2 ሃብተማርያም ብርሃነ ገ/ስላሴ 2. ወረ/ነሄር ፍቅረ ኣርኣያ 3. ወረ/ነ/ሄር ኣፈወርቂ ብርሃነ ዝኾኑ 3.1 ሸዋይነሽ ኣፈወርቂ 3.2 ትብለጽ ኣፈወርቂ 3.3 ሰናይት ኣፈወርቂ 3.4 ኣኽበረት ኣፈወርቂ 3.5 ብርሃነ ኣፈወርቂ 4. ወረ/ነሄር ጸጋይ ገብረስላሴ ዝኾኑ፡ 4.1 ተወልደ ጸጋይ፡ 4.2 ቅድስቲ ጸጋይ፡ 4.3 ገነት ጸጋይ 4.4 ዳንኤል ጸጋይ 5. ወረ/ነሄር ግደይ ገብረስላሴ ዝኾና 5.1 ጽገወይኒ ገብረሂወት 5.2 ኣብርሃት ኣብርሃ ዝተባህሉ ኣድራሽኦም ብንጹር ስለዘይተፈልጠ፡ ተጸዊዖም ብኣካል ወይ ብወኪል፡ ን28/11/18 ኣብ ላ/ቤ/ፍ 2ይ መጋባኣያ ቁ.29 ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ጉዳዩ ንሳቶም ኣብ ዘየለውሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ትዕበ ደበሳይ ዘካርያስ፡ ስም ኣደይ ገነት ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ገነት ተኽለሚካኤል በይን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኣያ ቁ.39 ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማእከል ከተማ

ወ/ሮ ጀመር ተስፋሚካኤል ዘወልዲ፡ ወደይ ሃብቶም ኣሰፍሃ ገ/ሚካኤል ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ኣደኡ በይነይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጻድቃን ለገሰ ሰዩም፡ በዓል-ቤተይ በረኸት ኣርኣያ ተ/ሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣለምጸሃይ ግደይ ወንደማገኝ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ዳዊት ጎይትኦም መኮነን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ መንጠግበሽ ገብረቀርቆስ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ መብራህቶም ተስፋይ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ራህዋ ዑቕባጋብር ገብሩ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ካሕሳይ መኮነን ስብሃቱ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ፍቓዱ እስትፋኖስ ይሕደጎ፡ ዓባየይ ወ/ሮ ኣሸፋሽ ሃብተዮናስ ደብጭ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ኣለም ተፈሪ ጸሃየ፡ ወደይ ኣቶ መልኣከ ጸሃየ ትኩእ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ወላዲቱ ጥራይ ወራሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት ገብረሚካኤል ገ/ማርያምን ተኸሳሲ ኣቶ ተኪኤ ተኽለማርያምን ዘሎ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ፡ ተኸሳሲ ብኣድራሽኡ ክርከብ ስለዘይከኣለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ፡ ን3/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ኣብ ዘይተረኽብካሉ ጉዳይ ተራእዩ ውሳነ ክወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ኣድያም ማሞ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣደና ኤልሳቤጥ ኣስገዶም ሓድጉ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ብርሃነ ኪዳነማርያም ኣረጋይ፡ ሓትነይ ወ/ሮ ብሽካሽ ሰዩም ገብረማርያም ናቲ ብስማ ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምምሕዳር 09 ጎደና "መ" ቁጽሪ ገዛ 40 ኣብ 36 ት/ሜ ተደኲኑ ዝርከብ ተራ ገዛ፡ 1 ክፍሊ ገዛን 1 ሓጋዚ ክፍልን ብምስክር ወረቐት ቁጽሪ 113386 ብመወከሲ ቁጽሪ 116369 ዋንነቱ ዝተመዝገበ፡ ብዕለት 16/6/2014 ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤ/ፍ ዞባ ማእከልን መሰኻኽርን ብውህብቶ ዝተዋህበኒ ይጽደቐለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ከሳሲ ኣቶ ኣስመሮም ገብሪሂወት ሃብተጋብር፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሚልዮን ንጉሰ ብናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ እሞ ንጹር ኣድራሻ ስለዘይብልኪ፣ ብዕልኺ ወይ ሕጋዊ ወኪልኪ፡ ን26/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ ግን ቤ/ፍ ኣብ ዘየለኽሉ ጉዳይኪ ክረአ ምዃኑ ነፍልጠኪ።

ከሳሲት ወ/ሮ ዮርዳኖስ መለስ ገብረስላሰ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኪሮስ ኣረፋይነ ገብረእግዚኣብሄር ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ እሞ ንጹር ኣድራሻ ስለዘይብልካ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልካ፡ ን30/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ኣብ ዘየለኻሉ ግዜ ውሳነ ክህብ ምዃኑ ይፍለጥ።

ኣቶ ሄኖክ ዳኒኤል ዘርኣየውሃንስ፡ ምጽላል በርሀ ገብረእየሱስ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣርባዕተ ኣስመራ

ኣቶ ዮሴፍ ኢትዮጺያ ሃይለሚካኤል፡ ኣደና ወ/ሮ ሮማ ተወልደ ተስፋገርግሽ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 መዋቲ ሓወይ፡ 3 ተተካእቲ ደቁን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቮሎን

ወ/ሮ ወዘነት ሰጊድ፡ በዓል-ቤተይ ሌ/ኮሎኔል ወልደሃይማኖት ሞገስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋልደት ኣፈወርቂ ወልዱ፡ ወላዲተይ ሮማ ገብረማርያም ደባስ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ደሃብ ተኪኤ ተስፋዝጊ፡ በዓል-ቤተይ ገብረመስቀል ዓንደሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት ልዋም ታደሰ ኣብርሃ፡ ወላዲተይ መርየም መሓመድዓሊ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዮሴፍ እምሃጽዮን ይሕደጎ፡ ወላዲትና ሰበነ ተስፋይ ክንፈ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተኽለማርያም ኤልያስ ወልደኣብ፡ ወላዲተይ ዝፋን ንጉሰ ገብረኣብ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣበባ ጸጋይ መኮነን፡ ሓፍተይ ተኽኣ ጸጋይ ስለዝሞተት፡ ውላድ ስለዘይገደፈት ወላዳ ውን ስለዘየለዉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋታ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ካርሎ ባርቶሊ ኣማኑኤል፡ በዓልቲ-ቤተይ ኣለሳንድራ ማሽሊ ካርሎ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ርግበ በላይ ተስፋሚካኤል፡ በዓል-ቤተይ ኣሳየሀኝ ሃይለ ንጉሰ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሶሎሜ ሰመረ ክፍሉ፡ በዓል-ቤተይ ኣርኣያ ወልደገርግስ ገብረመስቀል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወይ/ብስራት ጎይትኦም ተስፋይ፡ ኣቦና ጎይትኦም ተስፋይን ኣደና ደሃብ ተኽለ ካሕሳይን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይተመናይ ፓራዲዞ ጸጸራት

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላማዊት በራኺ እንባየ፡ ተኸሳሲ በዓል-ቤተይ ኣቶ ሙሴ ምሕረትኣብ ገብረስላሴ ካብዚ ሃገር ስለዝወጸ፡ ጉዳየይ ናብ ቤተዘመድ ሽማግለ ይመርሓለይ ስለዝበላ፣ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን30/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሸሪዓ ዞባ ማእከል

ከሳሲት ራዳ ዓብደልዓዚዝ መሓመድ፡ ተኸሳሲ መሓመድ ዋሰዕ ኣብራሂም በዓልቲ ቤትካ ኣብ ቤ/ፍ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፣ ባዕልኻ ወይ ሕጋዊ ወኪልካ፡ ን27/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ዞ/ማ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ቤ/ፍ ነቲ ጉዳይ ኣብ ዘየለኹምሉ ክርእዮን ውሳነ ክህበሉን ምዃኑ ነፍልጥ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጻዕዳክርስትያን

ኣቶ ዘርኣይ ገብረዮውሃንስ ዑቑባገርግሽ፡ ኣደይ ርግበ ጊላገርግሽ ጊላንኪኤል ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ወኪድባ

ኣቶ ሃብተ እያሱ ሃይለ፡ ተኸሳሲት በዓልቲ-ቤተይ ወ/ሮ ክብርቲ ተኪኤ ርስተት ደሃይ ዝበሃል ስለዘይብለይ፡ ብፍትሕ ሕጋዊ መዕለቢ ክግበረሉ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ

ትካልና ሳሮን ፈርኒቸር ውጽኢት ዕንጸይትን ሓጺንን (ሓ.ዝ.ብ.ማ)፡ ንምምሕዳር ትካል ብዝምልከት ብህጹጽ ኣኼባ ንኽገብር ስለዝተደልየ፡ ኣባላቱ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ንዕለት 29/10/2018 ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀ ኣብ ቀጽሪ ትካልና መንደፈራ ዝኽርከቡ ብጋዜጣ ቁጽሪ 25 መበል 28 ዓመት ብዕለት 29/09/2018 መጸዋዕታ ምግባሩ ይዝከር። እንተኾነ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ግዜ ዝኾነ ኣባል ስለዘይተረኽበ፡ ዳግማይ መጸዋዕታ ንዕለት 28/11/2018 ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም፡ ምስ ምሉእ ሰነዳቶም ሒዞም ንኽቀርቡ ዳግማይ ይጽውዕ። ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን ዘይተረኽበ ኣባል፡ ምምሕዳር እቲ ትካል ኣድላዪ ውሳነ ከሕልፍ ምዃኑ ብጥብቂ ይገልጽ።

NOTICE

The shareholders of Rainbow Educational Enterprise Sh.Co. in a general meeting held on August 25,2018 have resolved to replace the board of directors of the company. Accordingly, the following are appointed as new members of the board:

1. Mr Tsehaye Mehari - Chairman
2. Mrs.Makda Yared - Secretary
3. Mr.Estifanos Negusse
4. Mr.Yohannes Tesfay

Rainbow Educational Enterprise Sh.Co

ምልክታ

ሓሽኪቶ ሓ.ዝ.ብ.ማ በዞም ዝስዕቡ ኣባላት ቀይሙ ኣሎ።

ሀ/ኣባላት ማሕበር

ተ/ቁ	ስም	ዜግነት	ኣድራሻ	ብዝሒ ብርኪ	ርእሰ ማል
1.	ኣቶ ኣብርሃለይ የውሃንስ ተስፋማርያም	ኤርትራዊ	ኣስመራ	375	375,000
2.	ኣቶ ኣብራሃም ወልደጋብር ተወልደብርሃን	ኤርትራዊ	ኣስመራ	375	375,000
3.	ኣቶ ዓብደልዋህብ በያን ሳልም	ኤርትራዊ	ኣስመራ	375	375,000
4.	ኣቶ ሳልም ሰዒድ ኣደም	ኤርትራዊ	ኣስመራ	375	375,000
	ጠቕላላ ድምር			1,500	1,500,00

ለ/ቀንዲ ቤት ጽሕፈት ናይዚ ማሕበር ኣብ ከተማ ኣስመራ ኮይኑ፡ ኩነታት ብዝፈቐዶ በብግዜኡ ኣብ ኤርትራን ወጻኢ ሃገርን ጨናፍር ክምስረት ይኽእል።

ሐ/ዕላማ ማሕበር

1. ቤት ዕዮ ሕብስትን ምቁር ሕብስትን ምክያድ
2. ንቤት ሕብስቲ ዘድሊ ነገራት ምቕራብ
3. ኣገልግሎት ካፈ ምሃብ
4. ምምጻእን ምሻጥን ኣቕሑ ሕብስቲ

መ/ርእሰማል ማሕበር 1,500,00 (ሓደ ሚልዮንን ሓሙሽተ ሚእቲ ሽሕን) ናቕፋ ኮይኑ፡ ብምሉኡ ብጥረ ገንዘብ ዝተኸፍለን ኣብ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ብርክታት ዝተመቐለን እዩ። ዋጋ ሓደ ብርኪ ድማ 1,000 (ሓደ ሽሕ) ናቕፋ እዩ።
ሰ/ኣቶ ኣብራሃም ወልደጋብር ተወልደብርሃን ንዘይተወሰነ ግዜ ኣካያዲ ስራሕ ኮይኑ ኣሎ።
ረ/እዚ ሓ.ዝ.ብ.ማ ንዘይተወሰነ ግዜ ተመስሪቱ ኣሎ።

ሓሽኪቶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

VACANCY ANNOUCEMENT

Bisha Mining Share Company PLC is inviting interested applicants for the following position:-

Position: Security Guard, Asmara Office
Department: Employee Services
Section: Security
Number required: One (01)
Duration: Indefinite

Primary Purpose

To protect company assets and personnel and prevent theft of company property.

Major Duties and responsibilities:-

Receiving Visitors

- Register each person in log book, issue ID cards.
- Security check when necessary.

Monitor movement of materials

- Check authorization documentation
- Check the actual items

Checking Premises

- Make regular patrols, outside and inside (doors and windows).
- Record and report management.
- Follow hand-over procedure for next shift

Monitor Outside parking

- Control access of vehicles

Knowledge and Skills

Qualifications:
- Grade 9-12

Knowledge and Experience:
- Basic English
- 3-5 years guarding experience

Technical Skills
- Physical fit
- Healthy
- Attention to detail
- Diligent
- Self-motivated
- Analytical

Behavioural Skills
- Communication (English and local language)
- Assertiveness
- Interpersonal relations
- Integrity
- Ability to work towards strict deadlines
- High level of accuracy

General Information and other requirements:

- **Place of Work**: Bisha.
- **Salary:** As per Company salary scale.

Additional requirement for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to;**
  Bisha Mining Share Company,
  P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea

- **Note to Eritrean applicants:**
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment permits Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

NOTICE

This is to inform the public that the former Area Manger of Egypt Air Lines in the state of Eritrea Mr. Amr Ragga has been replaced by a new Area Manager Mrs. Thagrid Elsaid.

Egypt Air Lines in the State of Eritrea

ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍርዲ ሰብ መሰል ወረ/ነፍ ንጉሰ ገብረወልዲን ብፍርዲ በዓል ዕዳ ኣቶ ዳኒኤል ንጉሰን ብዝተፈጥረ ናይ ውርሻ ክርክር፡ ላ/ቤ/ፍ ኣብ ኣስመራ ብስም ነፍ/ንጉሰ ገብረወልድ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብሓራጅ ተሸይጡ ንወረስቲ ክምቀሎም ኣዚዙ። እዚ ኣብ ኣኽርያ ጎደና 682 ነበር ቁጽሪ ገዛ 14 (ጥቓ ቤተክርስትያን እንዳ ገብርኤል) ዝርከብ፡ ኣብ 75 ት/ሜ ዝተደኮነ ኮይኑ፡ 3 ቀንዲ ክፍልታትን 2 ተሓጋገዝቲ ክፍልታትን ዘጠቓለለ፡ ብክኢላ መበገሲ ዋጋ 54,836.32 (ሓምሳን ኣርባዕተን ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ሰላሳን ሽዱሽተን ናቕፋ 32%) ተገሚቱ። ናይ'ዚ ገዛ ኣብ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ ናይቲ ንመወዳደሪ ዝረቑሐ መጠን ገንዘብ ብቁጽርን ብኣሃዝን ብምጽሓፍ ኣብ ዝተዓሸገ ስታሪት ኣብ ላ/ቤ/ፍ ቁ/62 ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ብምምጻእ ኣብ ዝተዳለወ ሳጹን የእቱ። ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ ሓደ ርብዒ ናይቲ መበገሲ ዋጋ ዝሓዘ ብስሙ መጠራቐሚ ቡክ ወይ ድማ ብስም ፈጻም ፍርዲ C.P.O ኣሰሪሑ ባዕሉ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ሰዓት ሓራጅ፦ 20/11/2018
ሰዓት ሓራጅ፦ ካብ ሰዓት 3፡00 – 4፡00 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27

ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ላ/ቤ/ፍ ቁ/65 መጺኡ ክውከስ ይኽእል። ነዚ ሓራጅ ዝቃወም ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መአገዲ የቕርብ። መአገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ደው ኣይብልን።

ቤት ጽሕፈት ዋና ፈ/ፍርዲ

ምልክታ

ወ/ሮ ዛይድ ማሞ መሓሪ ዝተበሃልኩ፡ ብምርሒት ተሰፋይ ዮሴፍ ዝተመዝገበ፡ ካብ ገብረሚካኤል ሃይለስላሴ ዝዓደኽዎ ገዛ፡ ኣብ ምም/ከባቢ ቀሓውታ፡ ጎደና ንኡስ ዞባ ቀሓውታ ዞባ 3፡ ምም/11፡ ፕሎት ቁ.49፡ ፓርቸላ ጀ፡ ስፍሓቱ 250 ካ.ሜተር፡ 4ተ ክፍልን ክሽነን ሽቓቕን ዝተሰርሖ ገዛ፡ ዋንነት ሊብሬቶ ንኸውጽእ ስለዝደለኹ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ሕጋዊት ወኪል ንግስቲ ወልዱ ገብራይ

ወልደገብርኤል ዑቕባሚካኤል ዓንዶም ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል፡ ፕሎት 106፡ ቁጽሪ ፓርሰል/ዞን ASP00000362፡ ፓርሰል 404፡ ጎደና 106፡ ቁ/ገዛ 404 ዝርከብ፡ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1፡002418 ብስም ወላዲትና ነፍስሄሪት ግምጃ ገብረሂወት ክፍሉ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ናብ ስም ወረስታ ዝኾንና ደቃ 1. ወልደገብሪኤል ዑቕባሚካኤል 2. ሚካኤል ዑቕባሚካኤል 3. ዘውዲ ዑቕባሚካኤል 4. ምሕረት ዑቕባሚካኤል ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ናይ መወዳእታ ውሳነ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ (ሓደ ወርሒ) ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ሒዙ ይቕረብ።

ወልደገብርኤል ዑቕባሚካኤል ዓንዶም

ወ/ሮ ሰላስ ጸጋይ መዓሾ ዝተፈቐደለን ናይ ቤት መግቢ ንግዳዊ ትካለን “ቃተኛ ቤት መግቢ” (QATENA RESTURANT) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣቶ ተፈሪ ገብረትንሳኤ እምነቱ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካሎም “ጸዳል ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና” (TSEDAL DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ወ/ሮ ኣብርሀት ተወልደ ጸጋይ ዝተብሃልኩ፡ ኣብ ማይ ተመናይ ፕሎት 182 ፓርሰል C ዝኾነ፡ ናይ ቦንድ መሬት ዝተመርሓለይ ኦርጂናል ምርሒት ሰነድ ስለዝጥፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ውን ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቁ/ስልኪ 07157927 ክትሕብሩኒ። እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታ ምርሒት ሰነድ ክሓትት ምኳነይ ይሕብር።

ምልክታ ጨረታ

ንኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ዊና ንተመሃሮ መግቢ ዝውዕል ኣሕምልትን ፍረታትን ስጋን ካብ 1 ጥሪ 2019 ክሳብ ታሕሳስ 2019 ዝጸንሕ፡ ንምዕዳግ ግዱሳት ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት

1. ናይ 2018 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም፡ ኦሪጂናል ምስ ቀዳሕ ከምኡ'ውን ግብሪ መንግስቲ ዝኸፈልሉ ናይ 2017 ሰነድ፡ ኤርትራዊ መንነት ወረቐትን ብፎቶ ኮፒ የቕርብ።
2. ተጫራቲ ንመጫረቲ ወረቐት (ሰነድ) 50 ናቕፋ ከፊሉ ይወስድ።
3. ተጫረትቲ ንመኽበሪ ጨረታ 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ) ናቕፋ ብቸክ (C.P.O) ትሕጃ የትሕዝ።
4. ምልክታ ጨረታ ክሳብ ዕለት 4/12/2018 ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ዕለት 5/12/2018 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጨንፈር ዕድጊ ቁ/20 ተጫረትቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
5. መጫረቲ ሰነድ ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቁ/20 ምውሳድ ይከኣል። ወይ ብቁ/ቴሌ 123749 ምውካስ ይከኣል።
6. ተጫረትቲ ዋና ልቾንሳ ብበዓልቲ-ቤቱ/በዓል-ቤታ ወይ ውላዶም እንተዘይኮይኑ ካልእ ኣካል ክውከል ኣይፍቀድን።
7. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ'ዚ ብኽፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ

ታደሰ ተኽለ

ህንዲ ብኑክሌሳዊ ጸዓት እትጐዓዝ ሳብማሪን ሰሪሓ



ህንዲ ናይ መጀመርታ ፍርያታ ዝኾነት ብጸዓት ኑክሌር እትጎዓዝ መርከብ ትሕተ ባሕሪ (ሳብማሪን) ኣመሪቓ ናይ ፈተነ ዑደት ከምዝቐደደት ተሓቢሩ። እታ ብወሽጣዊ ዓቕሚ ህንዲ ዝተሰርሐት ሳብማሪን ኣብ ስራሕ ምውፋራ፡ ንዓቕሚ ምክልኻል'ታ ሃገር ክብ ከምዝበሎ ሰብ መዚ እታ ሃገር ኣረዲኦም።

ሰራዊት ህንዲ ኣብ ምድሪ፡ ኣየርን ባሕርን ዓቕሙ ዘሐየለሉ ኢጋጣሚ ከምዝኾነን 'ኑቶም ብኦሰናዊ ኣጽዋራት ክፈራርሑ ዝጸንሑ ወገናት ከም መጠንቀቕታ' ከምዝኾነን ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ናረንድራ ሞዲ ገሊጹ።

ኣጽዋራት ኑክሌር ኣብ ጎረባብቲ ህንዲ ብዘለዋ ደሪሪ ከምዝሎ ዝገለጸ ቀዳማይ ሚኒስተር ሞዲ፡ "ተመጣጣኒ መከላኸሊ ኣዳሊኻ ምጽናሕ ኣገዳሲ'ዩ" ክብል ኣረዲኡ። ምስ ህንዲ ናይ ዶብ ውግእ ኣካይደን ዝነበራ ፓኪስታንን ቻይናን ኣጽዋራት ኑክሌር ዝዓጠቓ እየን።

እታ ሳብማሪን ናብ ህንዲ ጌሩ ዝቐንዐ ዝኾነ ተጻብኦ ንምምካት ድልውቲ ምዃና ዝሓበረ ናረንድራ ሞዲ፡ ገለ ተጻባእቲ ሃገራት 'ኣብ ስሕታን ከይኣትዋ' ኣጠንቂቑ።

እዛ 'ኣሪሃንት' እትበሃል ሳብማሪን ድሮ ናይ ሓደ ወርሒ ምሉእ ዑደት ኣካይዳ ከምእትመልሰት ተፈሊጡ ኣሎ።

ፓኪስታንን ቻይናን ብዩዋን ንግድ የካይዳ

ቻይና ምስ ፓኪስታን እተካይዶ ንግድ ኣብ ክንዲ ብዶላር ብባጤራ ቻይና - ዩዋን ክኸውን ብምስምማዐ ኣብ ልዕሊ ፓኪስታን ዝጸንሐ ፋይናንሳዊ ጸቕጢ ከምዝፋኾሰላ ተሓቢሩ።

እዚ ስምምዕ እዚ ኣብ መንጎ ክልቲአን ዘሎ ናይ ንግዲ ፍልልያት ስለዘጽብቦ ኑቲ እናተጸንቀቐ ክኸይድ ዝጸንሐ ናይ ፓኪስታን ዕቑር ባጤራታት ወጻኢ ከውህለል ስለዝሕግዞን ኣብ ቁጠባ ፓኪስታን ዓቢ ኣበርክቶ ዝጉብር ምዃኑ ምንጭታት የረድኡ።

ኣብ መንጎ ፓኪስታንን ቻይናን ናይ 15 ቢልዮን ዶላር ልውውጥ ንግዲ እኳ እንተሃለወ እቲ 13 ቢልዮን ዶላር፡ ቻይና ናብ ፓኪስታን እትልእኮ ሰደድ ከም ዝኾነ ይፍለጥ።

ቻይና ናይ ፓኪስታን ቁጠባ ንምሕያል ካልእ ተወሳኺ 'ጥማር' ሓገዝ ሂባ ከምዝነበረ ንሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ፓኪስታን ዝጠቐሱ ምንጭታት የረድኡ። ቻይና ከም 'ሓገዝ' እትህቦ ናይ ገንዘብ ልቓሕ ንፓኪስታን ተወሳኺ ቁጠባዊ ጸቕጢ ዝፈጥረላ ከምዝኾነ ኣመራጽን ካልኦት ምዕራባውያንን ንዝህብኦ ርእይቶ ፓኪስታንን ቻይናን ይነጽጉ።

እዚ ኣብ መንጎ ቻይናን ኣመራጽን ዝተገብረ ስምምዕ ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ዒምራን ካሃን ናብ በይጂንግ ምስ ከደ ዝተፈጸመ ከምዝኾነ'ዩ ዝገለጽ። ዒምራን ካሃን ብዘይካ ቻይና፡ ናብ ስዑዲ ዓረብ ብምኻድ ናይ 3 ቢልዮን ዶላር ልቓሕን 3 ቢልዮን ዶላር ዝውድእ ናይ ነዳዲ ድጎማን ከም ዝረኸበ ይፍለጥ።

ሕቡራት ሃገራት ኢማራት ዓረብ እውን ንፓኪስታን ተመሳሳሊ ሓገዝት ክተበርክተላ ከምእትኽእል ምንጭታት የረድኡ።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍጸም ጐነጽ እገዳ የስዕብ

ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ልዕሊ ሊብያ ንዝጸንሐ እገዳ ክቕጽል ከም ምኽንያት ዘቕረቦ 'ኣብታ ሃገር ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍጸም ዘሎ በደላት' ምዃኑ ኣፍሊጡ።

እቲ ክሳብ 2020 ዝጸንሕ እገዳ፡ ብዘይወግዓዊ መንገድታት ካብታ ሃገር ዝሰየጥ ነዳዲ ዕዳጋ ከይረክብ ዝኽልክል ክኸውን እንከሎ፡ ንብረት ሰብ መዚ ኣብ ምድስካልን ኣብ ናይ ጉዕዞ እገዳታትን ዝተኮረ ነጥብታት እውን ይሓቁፍ። እቲ እገዳ ብ13 ኣባላት ናይቲ ባይቶ ክድገፍ እንከሎ፡ ሩሲያን ቻይናን ከኣ ተቓዊመንኦ ኣለዋ።

ኣምባሳደር ሩሲያ ቫሲልዩ ነቢዝያ ኣብ ጾታ ዝተመርኮሰ ጎነጽ፡ ንውሽጣዊ ጉዳያት ሃገር ዝምልከት ከምዝኾነ፡ ከም ገበን ብመንግስቲ ዝረአ ደኣ'ምበር፡ ናይ እገዳ ምኽንያት ክኸውን ከምዘይብሉ ኣረዲኡ።

ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ሊብያ ዝቐደድ ጎነጽ ንዓለም-ለኸ ሰላምን ጸጥታን ስግኣት ስለዘይኮነ ብባይቶ ጸጥታ ዝፍታሕ ጉዳይ ከም ዘይኮነ እቲ ኣምባሳደር ይገልጽ።

እዚ ሃዕባ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ዘልዕላ ዘለዋ ሃገራት፡ ኣብ ዘቤታዊ ፖለቲካ መኸሰብ ዝርከቦ ሹቶ ንምውቃዕ ተባሂሉ ክኸውን ከምዝኽእል'ዩ እቲ ሩሲያዊ ኣምባሳደር ጥርጣረታቱ ደርጉሑ።

ዝሓለፈ ሰኑ፡ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ሽዱሽተ መራሕቲ ገበናዊ መርበባት ከምዝኾኑ ዝተፈገረሉም ሊብያውያን እገዳ ምግባሩ ይዝከር። እቶም ሓለፍቲ ገበናዊ ጉጅለታት፡ ስደተኛታት ኣብ ምስግጋርን ኣብ ንግዲ ሰብን ዝተኮረ ገበናዊ ንጥፈታት ብምኽያድ ዝተኸሱ ከምዝኾኑ ተገሊጹ ነይሩ።

ህንዲ - ደልሂ ብትኪ ተጐልቢባ

ኣብ ህንዲ ዓመታዊ ዝኽበር ዝዓበየ ሃይማኖታዊ በዓል ክቕየድ ምድላዋት ኣብ ዝግበረሉ ዘሎ እዋን ርእሰ ከተማ'ታ ሃገር - ኒው ደልሂ ብጸለም ትኪ ተጐልቢባ፡ ብቐትሩ እንከሎ ንምርኣይ ኣብ ዘጸግም ኩነታት ከምእትርከብ ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ እታ ከተማ ውድብ ጥዕና ዓለም ንብሮ ካብ ዝበሎ ዓቐን ብዕስራ ዕጽፊ ተበኪላ ከምዘላ ተፈሊጡ ኣሎ። ኣብ ዝቕጽል ቅንያት ካብዚ እናገደደ ክኸይድ ከምዝኽእል እውን ተገሚቱ ኣሎ።

ከተማታት ህንዲ ካብ ካልኦት ከተማታት ዓለም ብደረጃ ብከላ ቀዳምነት ከምዝሰረዓ ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ከተማ ደልሂ መበል ሻድሻይ ሕዝ ከምዝላ ጸብጻባት የረድኡ። ኣብ ርእሲ እዚ ሕጂ ዝረአ ዘሎ ጸለም ኣየር፡ ንበዓላት ተባሂሉ ዝትኮስ ናይ ደሱደስ ርሽት እውን ተወሳኺ ብከላ ከምዝስዕብ ክኢላታት ገሚቶም ኣለው።

ህንዲ ዓመታዊ እተኽብሮ ሃይማኖታዊ በዓል "ድዋሊ" እቲ ዝዓበየ ኣውደ ኣመት ከም ዝኾነን ርሽት ብምትኳስ ከም ዝበዓልን ምንጭታት ይሕብሩ።

መንግስቲ፡ ኣብ ጎደቦ እታ ከተማ ዝርከቡ ሓረስቶት ድሕሪ ቀውዒ ኣብ ግራውቶም ዝጉብርዎ ንቔጥቋጥ ናይ ምንዳድ ልምዲ ክቋርጹ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

ቃፍላይ ስደተኛታት ማእከላይ ኣመሪካ ይውስኽ

ካብ ሃገራት ማእከላይ ኣመሪካ ተበጊሶም፡ ብሜክሲኮ ኣቢሎም ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክኣትዉ ዝውሕዙ ዘለዉ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ኣማኢት ከሎ ሜተራት ተጓዒዞም ኣብ ከተማ ሜክሲኮ-ሲቲ በጺሖም ከምዘለዉ ተሓቢሩ።

ቅድሚ ሓያሎ ሰሙንታት ካብ ሆንዱራስ ዝተበገሰ "ቃፍላይ ስደተኛታት" እናተባህለ ዝጽዋዕ ዘሎ ፍልሰት ህዝቢ ብውሑድ ኣማኢት ሰባት ምስ ጀመረ፡ ኣብዚ ግዜ እዚ 12 ሽሕ ዝኣኸሉ ስደተኛታት ከምዝጠቓልል ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ማእከላይ ኣመሪካ ናብ ሃገሮም ክትመልስ ከምዝጸንሐት ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብኣሽሓት ዝቖጸር ህዝቢ ብሓንሳብ ናብ ኣመሪካ ገጹ ምብጋሱ ቡበዓይኑ ትንተናታት ይወሃቦ ኣሎ።

ብጋንታታት ኣባላት ጸጥታ ዶባታ እትሕሉ ኣመሪካ፡ እቶም ስደተኛታት ዶብ ጥሒሶም ከይኣትዉ ዝከላኸል ብሓያሎ ብርጌዳት ዝቖመ ወተሃደራዊ ሓይሊ ከምዝለኣኸት ኣፍሊጣ ኣላ።

እቶም ስደተኛታት ኣብ ሆንዱራስ ጓቲማላን ኤል ሳልቫዶርን ዘሎ ናይ ገበናዊ ጉጅለታት ሽበራ ብምፍራሕን ብሰንኪ ድኽነትን ይስደዱ ከም ዘለዉ እዮም ዝሕብሩ። መን ወደቦ ብሓንሳብ ኣጠሪሑም ዝብል ሕቶ ግና ብዙሕ ክትዕ ዝፈጥር ከምዝኾነ ይግመት።

ሜክሲኮ ክትዓንቶም ብኣመሪካ ንዝቐረበላ ዘሎ ጸውዒት ከምዝይተቐበለቶን መንገዲ ክፈታ ተሕልፎም ከምዝላን ጸብጻባት የረድኡ። በዚ ድማ ኣብ መንጎ ምምሕዳር ዋሺንግተንን መክሲኮ ሲቲን ዘይምቅዳዋት ተላዒሉ ምህላዉ ይገለጽ ኣሎ።

ተረኛ ፋርማሲ	ዕለት	ጎደና	ቁ.ስልኪ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ	7/11/2018	ጎደና 173-18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቃ ህዝባዊ ቤት ንባብ	127582

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565